# ፍኖተ ብርሃን

ንምእመናን መንፈሳዊ ኣገልግሎት ንምሃብ ብሓልዮት ሃገረ-ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ ብትግርኛን እንግሊዝኛን እትኅተም ወግዓዊት ጋዜጣ ኦርቶዶክሳዊት ተዋሕዶ ቤተ ክርስቲያን ኤርትራ።

ሰነ 2003 ዓ/ም (June 2011) ቍ. 490 መበል 59 ዓመት


## ጕዕዞ ቤተ-ክርስቲያንና ብመንጽር'ዚ ዘሎናዮ ጊዜ

ዝኾነ እጐዓዝ ኣሎኹ ዝብል ሰብ ኲሉ፡ ካበይ ተበጊሱ ናበይ ከም ዝበጽሕ ይጠፍኦ'ዩ ኪበሃል ኣይከኣልን። ከመይ'ሲ፡ ከይሓሰብካን ከየጽናዕካን ዝግበር ጕዕዞ፡ ስለ ዘየልቦ እዩ። ምስ'ዚ ኣበሃህላ'ዚ ብምትሕሓዝ እምበኣር፡ ጕዕዞ ቤተ-ክርስቲያን ኦርቶዶክስከ ናበይ ኣቢላ'ያ እትኸይድ ዘላ፧ ወይ ብኽንደይ ዝኣክል ፍጥነት'ያ እትጐዓዝ ዘላ፧ ዝብል ሕቶ ብምልዓል እንተ ረኣናዮ፡ ናይዚ ሕጂ ዘሎ ህልዊ ኵነታት ሓፈሻዊ ሥዕሊ ንምልላይ፡ ሓጋዚ ኳይኑ ክርከብ ይኽእል'ዩ ዝብል ርእይቶ ኣሎና።

ታሪኽ ከም ዘረጋግጾ፡ ቤተ-ክርስቲያን ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ፡ 1700 ዓመት ዕድመ ዘሎዋ፡ ሓንቲ ካብ'ተን ጥንታውያን ተባሂላ ዝፍለጣ ኣብያተ-ክርስቲያን'ኳ እንተኾነት፡ (ግ.ሓ. 8፡26-38) እዚ ሕጂ ዘሎዋ መንነት ግን፡ 1983 ዓ.ም. (1991ዓ.ም.ፈ.) ዝጀምረ'ዩ ክበሃል ይከኣል። ማለት፡ እቲ ከም ርእሳ ዝኸኣለት ናፃ ቤተ-ክርስቲያን መጠን ዝቑመትሉ ዘመን፡ ካብ ዕስራ-ዓመት ሓሊፉ ዝኸይድ ርሕቀት ዘሎዎ ኣይኮነን። ስለ'ዚ'ውን፡ ነቲ ኣብ ዝሓለፈ ዕስራ-ዓመት ዝተገበረ ጕዕዞ፡ ብኽንደይ ዝኣክል ፍጥነት ክኸይድ ከም ዝኸኣለ ንምርኣይ፡ ንድሕሪት ኣቢልካ ምጥማት ከድልየና እዩ።

ግዳስ፡ ንስለ ዘረባ ተባሂሉ ደኣ ኣብ ጕዕዞ ኣላ ክበሃል እንተ ኳይኑ እምበር፡ እቲ ጕዕዞ ኣብ ሚዛን ኣቐሚጥካ ብዓቐንን ርሕቀትን ክርአ ከሎስ፡ ብጕያን ብዝላን ዝግበር ጕዕዞስ ይትረፍ፡ ሰለይ እናበልካ'ውን ዝተገበረ ጕዕዞ ኣሎ ንምባል ኣዩከኣልን። ስለ'ዚ ኸኣ'ዩ መሓውር ቤተ-ክርስቲያንና ኣብ'ቲ ቅድሚ ዕስራ-ዓመት ክብገስ ከሎ ዝነበሮ፡ ሕጂ'ውን ኣብኡ ደው ኢሉ ዝርከብ ዘሎ። ከም ትምኒትናን ባህግናን እንተ-ዝኸውን'ሲ፡ ቤተ-ክርስቲያን ክትግስግስ ክንርእያ ደስ ምበለና። መሓውር ከይተንቀሳቐሰ ግን፡ ንጐዓዝ ኣሎና ምባል፡ ትርጕም ኣልቦ ካብ ምዃን ዝሓልፍ ኣይኮነን። እቲ ሕጂ ዘሎ ሓቂ ኸኣ ነዚ'ዩ ዝመስል።

ስለምንታይ'ዩ ጕዕዞ <u>ቤተ-ክርስትያንና ከም'ቲ ክኾኖ ዝግብኦ ክንቀሳቐስ ዘይከኣለ፧ ዝብል ሕቶ ብምልዓል፡ ነቲ ጕዳይ ምርኣዩ ከድልየና እዩ። እንተኾነ ከም'ቲ ዓደቦና "ቈርበት ተጸዩቑ ኣብ ምንፍሑ፡ ኣይ ኣብ ምንፍሑን ኣብ ምጥብሑ" ዝብልዎ፧ ቤተ-ክርስቲያንና ሓደጋ ዘንጸላለዋ'ውን፡ ገና መሠረት ክቕመጥ ከሎ ኣብ'ቲ መጀመርታ እዋን'ዩ ክበሃል ይከኣል። ከመይ'ሲ፡ ብ1983 ዓ.ም. መዋቕር ምምሕዳር ክትዝርግሕ ዝነበራ ዕድል ተሓሪማ። ብሸመት ዝተላእከላ ጳጳስ ክትቅበል ደኣ እያ ዝተገደደት እምበር፡ "ይደልዎ" ኢላ ባዕላ መሪጻ ኣብ መንበር ዘቐመጠቶ ጳጳስ ከምዘየሎ'ዩ እቲ ታሪኽ ዝዛረብ።</u>

<u>ብድሕሪ'ዚ ዝቐጸለ ካልእ ተወሳኺ ጸገም ምህላዉ'ውን ክጥቀስ ዝግብኦ ነጥቢ እዩ። እዚ ድማ ኣብ ታሪኽ ንመጀመርታ ጊዜ ምዃኑ'ዩ፡ ምርጫ ጳጳሳት ኣብ ዝተገብረሉ ጊዜ፡ ክንዲ ጵጵስና ዝኣክል ዓብዪ-መዓርግ፡ ብዘይ ዝኾነ መምዘንን መዐቀንን ከም ዝፍጸም ምግባሩ እዩ። እዚ ኹሉ ኸኣ ብቓላት ተገሊጹ ክውዳእ ዘይኽእል ዕንወትን ውድቀትን ኣኸቲሉ። እምበር'ስከ፡ እቲ ኹሉ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ዕስራ-ዓመት ዝተራእየ ሕንፍሽፍሽ፡ ጌና'ውን ኣብ'ዚ እዋን'ዚ ዝቕጽል ዘሎ፡ ድምር ውጽኢት እዚ ዝተባህለ ኹሉ ምዃኑ ኪከሓድ ዘዩከኣል ሓቂ'ዩ። እዚ በዚ ኣቢሉ ዝመጸ ጕጅለ ጳጳሳት ከኣ'ዩ፡ ሲኖዶስ ዝብል ስም ለቢሱ ወሳኒ-ኣካል ኳይኑ ዝርከብ ዘሎ።</u>

<u>ስለ'ዚ'ውን፡ እቶም ኣብ ላዕለዋይ-ጽፍሒ ቤተ-ክርስቲያን ተቐሚጦም ዘለዉ ኹሎም፡ ካብ ቀኖና ቤተ-ክርስቲያን ወጻኢ ዝመጹ ምዃኖም እናተፈልጠ ከሎ፡ ከመይ ኣቢልካ'ዩ ሓለይቲ ሃይማኖት ኪኾኑ ትጽቢት ኪግበረሎም ዝከኣል፧ ጐይታና ኣብ ወንጌሉ'ውን "ሓደ ኣገልጋሊ ንኽልተ ጐይቶት ኪግዛእ ኣይክእልን'ዩ፡" ዝበሎ። ስለዚ'ዩ ኣዚ ዝተባህለ ጕጅለ-ጳጳሳት'ውን፡ ነቲ ኣብ መንበር ኪቐመጥ ዝገበሮ ኃይሊ እምበር፡ "ይደልዎ" ኢላ ንዘይመረጸቶ፡ ቤተ-ክርስቲያን ከገልግል ኢልካ ትጽቢት ክግበረሉ፡ ዝሕሰብ ኣይኮነን።</u> (ማቴ. 6፡24) ከም'ቲ ካብ ቀጽሪ ቤተ-ክርስቲያን ወጻኢ ዝዳሎ ኅብስቲ ቅዱስ -ቍርባን ክኸውን ዘይክእል፡ ከምኡ'ውን፡ ካብ ቀጽሪ ቤተ-ክርስቲያን ወጻኢ ዝመጽእ ሓሳብ ኮነ ዝውሰን ውሳኔ፡ ንረብሓ ቤተ-ክርስቲያን ከገልግል ይኽእል'ዩ ክበሃል ዝከኣል ኣይኮነን። ስለ'ዚ፡ እቲ ብደረጃ መንበረ-ፓትርያርክ ኣብ 1990 ዓ.ም. (1998 ዓ.ም.ፈ.) ዝቘመ ማእከልነት፡ <u>ብዝኾነ መዐቀኒ ክርአ ከሎ፡ ብመሠረት ቀኖና ቤተ-ክርስትያን'ዩ ቈይሙ ክበሃል ኣይከኣልን። "መለካዊ" እንተ ተባህለ ግን፡ ዝሰማምዖ ስያሜ እዩ። እምበር'ስከ፡ ካብ ከም'ዚ ዝኣመሰለ መለካዊ ጕጅለ፡ ንቤተ-ክርስቲያን ዝሓሊ ጥዑይ ሕልና ክርከብ ይከኣል እዩ ኢልካ ምሕሳብ፡ ዝከኣል ኣይኮነን።</u>

<u>ከም ሳዕቤን እዚ ኹሉ ድማ፡ ኣብ'ዚ ዝሓለፈ ዕስራ-ዓመት፡ ኣብ ልዕሊ ቤተ-ክርስቲያን ኦርቶዶክስ ኤርትራ ዘይተፈጸመ በደል ኣሎ ንምባል ኣዩከኣልን። ብተደጋጋሚ ሥርዓታ ክጠሓስን ቅድስናኣ ክረክስን ከም ዝጸንሐ፡ ክኽሕዶ ዝኽእል የልቦን። ፓትርያርክ ኣግሊስካ፡ ሓደ ጭዋ መራሕ ቤተ-ክርስቲያን ጌርካ ካብ ምሻም ዝዓቢ ግህሰት ሃይማኖት ከኣ የልቦን።</u> ...ናብ 6ይ ገጽ ይቕጽል

## ንኽብሪ ብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ ኣብ ኒውጀርሲ ዝተገብረ ጽምብል



ብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ ኣብ ሃገረ-ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ፡ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ-ክርስቲያን ላዕለዋይ ተጸዋዒ-ጳጳስ ናይ 80 ዓመት በዓል-ልደቶም ምኽንያት ብምግባር፡ ኣብ ሃገረ-ኣሜሪካ እርትከብ ኮፕቲክ ቤተ-ክርስቲያን 400 ዕዱማት ዘሳተፈ፡ ነቲ ዕድሚኦም ምሉእ ዝፈጸሙዎ ሓዋርያዊ ኣገልግሎት ኣፍልጦ ዝህብ፡ ናይ ክብሪ-መኣዲ ተገይሩሎም ውዒሉ።

ኣብዚ ጽምብል'ዚ ኣብ መንጎ'ቶም ዕዱማት፡ 4-ጳጳሳትን 35- ካህናትን'ውን ተሳተፍቲ ኮይኖም ውዒሎም። እቶም ዕዱማት'ውን ኤርትራውያንን ኢትዮጵያውያንን ግብጻውያንን ከምኡ'ውን ኣሜሪካውያንን ስለ ዝነበሩ፡ ንኹሉ ዘሳተፈ ናይ ፍቕርን ሰላምን መኣዲ ነይሩ ክብሃል ይከኣል። 'ክብሪ ሰብ ዝደሊ ትሕቲ ሰብ፡ ክብሪ ኣምላኽ ዝደሊ ልዕሊ ሰብ"ከምዝበሃል፡ ብፁዕ ኣቦና ከኣ ንኣገልግሎት ወንጌል ውፉይ ኮይኖም ብምርካቦም፡ በቶም ሃይማኖት ኣልቦ ዝኾኑ ወገናት መስጐጕቲ ኣስዒቡሎም እዩ። ብዙሕ በደል ከምዝተፈጸሞም'ውን ይፍለጥ።

ብፁዕ ኣቦና ነቲ መጋበሪ ዓለም ብምዃን ዝርከብ ሽመትን ክብርን ስለ ዝተጸየኑዎ፡ በቶም ፀረ-ቤተ-ክርስቲያን ዝኾኑ ወገናት ከፍትዎም ከምዘይክእል ከም ርዱእ ዝውሰድ እዩ። ንሶም ነቲ"ሓደ ኣገልጋሊ ንኽልተ ጎይቶት ክግዛእ፡ ኣይክእልን እዩ" ዝብል ቃል መንጌል፡ ካብ ዝኾነ ንላዕሊ ስለ ዝፈልጡዎ፡ ንግዚያዊ ክብሪ ክብሉ ናብ ዘየድኅን ኣምላኽ ክሰግዱ ምርጭኦም ኣይነበረን።በቲ ትእምርቲ ጽንዓት ብምዃን ዝፍለጥ ባሕርያቶም ከኣ፡ እታ ኣብ ሓዋርያዊ- ሰንሰለት ጸኒዓ ትርከብ ዘላ፡ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ-ክርስቲያን ትሕበነሎም ኣላ።

ብዝተረፈ ኣገልግሎት ብፁዕ ኣቦና ኣብ ምድሪ-ኣግኣዝያን ወይ ምድሪ ሓበሻ ጀሚሩ ኣብኡ ዝውድእ ኣይኮነን። ብማእከላይ ምብራቕ ሓሊፉ ክሳብ ኤውሮጳን ኣሜሪካን ዝበጽሕ ሰፊሕን ነዊሕን ምዃኑ'ዩ ዝፍለጥ።

ስለዚ ድማ'ዮም እቶም ግብጻዊ-ጳጳስ ኣቡነ ዳዊት፡ ንታሪኽ-ሕይወት ብፁዕ ኣቦና ብስፍሓት ክገልጹዎ ዝኸኣሉ። ካብ ታሪኽ ዝዓቢ ክምስክር ዝኽእል ዝለዘየሎ ድማ፡ ታሪኽ ንብፁዕ ኣቦና ብኸመይ ከምዝፈልጦምን ከምዘልዕሎምን፡ እቲ ኣብቲ ጽምብል ክዝረብ ዝተሰምዐ ኲሉ፡ እኹል መግለጺ'ዩ ክበሃል ይከኣል።

ብፁዕ ኣቦና ብሥነ-መለኮት ማስተርስ-ዲግሪ ዘለዎም፡ ኣብዚ እዋን'ዚ ኣለዉ ካብ ዝበሃሉ ምሁራን ኣቦታት ሓደ እዮም። ቋንቋታት ናይ ምፍላጥ ትዕድልቲ ስለ ዝተዋህቦም'ውን ግእዝ, ትግርኛ, ኣማርኛ, ዕብራይስጢ, ግሪኽ, ኮፕቲክ, እንግሊዝኛ ,ኢጣልያንኛ, ዓረበኛ,ክዛረቡን ክጽሕፉን ዝኽእሉ፡ ፍሉይ ተውህቦ



ዝተዓደሉን ብኽብሪ ዝጥቀሱን ምሁር'ዮም። ይኹን እምበር ኦርቶዶክሳዊት ቤተ-ክርስቲያንና ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ብደረጃ-ዓለም ዝፍለጡ ምሁራን'ኳ እንተለዉዋ፡ ኣብዚ ሰብ ትደልየሉ ዘላ ሰዓት'ዚን እቶም ፀረ ቤተ-ክርስቲያን ዝኾኑ ሰብ ግዜ ቀይዶም ስለ ዝሓዙዋ፡ ብገዛእ እንጌራኣ ክትጠሚ ብገዛእ ማያ ከኣ ክትጸምእ ተፈሪዱዋ ትርከብ ኣላ።

ብዝተረፈ ብፁዕ ኣቦና በቑሎም ዝዓበዩሉ ገዳም ደብረ-ቢዘን ስለ ዝኾነ፡ ዲቁናን ክህነትን'ውን ኣብ ቢዘን ዝበጽሑዎ መዓርግ እዩ። መዝገብ-ቅዳሴ ድማ ኣብቲ ብዙሓት ሊቃውንቲ ዝፈረዩሉ ኣብ ደብረ-ኣባይ እዩ።

...ናብ 4ይ ገጽ ይቕጽል

# ርእሰ ዓንቀጽ

**ዋና ኣዳላዊ ዲያቆን ተኽለማርያም ምርካጽዮን**

## ኣብ ቤተ-ክርስቲያንና ዘሎ መልሲ ዘድልዮ ሕቶ

ብዘይ ቃል-ዓለም ከዝረብ እንተደኣኮይኑ፡ ኣብ ደምበ- ተዋሕዶና ዘሎ መልሲ ዘድልዮ ሕቶ፡ ሓደን ክልተን ኢልካ ዝቑጸር ዘይኮነስ፡ ብዙሕን ነዊሕን'ዩ ኢልካ ክግለጽ ይከኣል።ሓደ ካብዚ ዝተባህለ ድማ" ሕቶ መንእሰያት'ዩ" እንተኾነ እዚ ኣርእስቲ'ዚ ከም መጠን ኣገዳስነቱ፡ ግቡእ ቆላሕታ ረኺቡ'ዩ ክበሃል ከምዘይክኣል፡ እቲ ኣብ መንፈሳዊ- ጉዕዞና ዘጋጥመና ዘሎ ሓቂ፡ ባዕሉ ክዛረብ ይኽእል'ዩ እንተበልና ዝተጋነነ ኣይመስለናን።

ብዝተፈረ ምንም'ኳ እቲ ምኽንያት ብዙሕ ትንተና ክወሃቦ ዝከኣል እንተኾነ፡ ብሓፈሻ ግን መንእሰያትና ኣብ ትሕቲ ጽላል ቤተ- ክርስቲያን ንኽዓብዩ ዘለዎም መሰል፡ክረኽቡዎ ጸኒሖም'ዮም ዝበሃል ኣይኮነን። ስለዚ'ውን ኣብቲ ነዊሕ ዝኸይድ ኦርቶዶክሳዊ ታሪኽና፡እዚ ዝተባህለ ብኣሉታ ዝግለጽ ታሪኽ'ዩ ዘሎ። <u>እዚ ኸኣ'ዩ ንቤተ- ክርስቲያና ክትወልድ እምበር ከተዕቢ ዘይትኽእል ብምባል፡ ንኽትውቀስን ክትክሰስን ምኽንያት ኮይኑዋ ዝጸንሔን ዝርከብ ዘሎን።</u>

ይኹን እምበር እቲ ዝሓለፈ ኩሉ ንታሪኽ ዝግደፍ ኮይኑ፡ ሕጂኸ እቲ ሕቶ መልሲ ክረክብ ክኢሉዶ? ዝብል ሕቶ ብምልዓል ነቲ ጉዳይ እንተረኣናዮ፡ እቲ መልሲ"እወ" ክኸውን ከምዘይክእል ዝስሕቶ ዘሎ ኣይመስለናን። እዚ ማለት ድማ ብደረጃ ቤተ- ክርስቲያን ዝተማእከለ" መመርሒ" ክሳብ ዘይሃለወ፡ እቲ ሕቶ መልሲ ረኺቡ'ዩ ክበሃል ዝከኣል ኣይኮነን።

ርግጽ'ዩ ኩለን ኣብ ሃገረ-ስብከት ሰሜን-ኣሜሪካ ዝርከባ ኣብያተ- ክርስቲያናት፡ ንመንእሰያት ብዝምልከት በብመንገደን መደብ ሠሪዐን ዝገብርኦ ንጥፈታት ከምዘሎ ርዱእ'ዩ። ኣዚዩ ክምስገን ዝግብኦ ቅዱስ ተግባር'ውን እዩ። <u>ማእከልነት ዘይሓለወ በብመገድኻን ሓሳብካን ዝግበር ጉዕዞ ግን፡ ክሳብ ክንደይ'ዩ ውጺኢታዊ ክኸውን ዝኽእል? እዚ'ዩ እቲ ዝዓበየ መልሲ ክንረኽበሉ ዘሎና ሕቶ።</u>

ብዝተረፈ ኣብቲ ቅድሚ ስሳ-ዓመት ኣካባቢ ኣቢሉ ዝጀምር፡ ታሪኽ ማኅበር መንእሰይ ፍኖተ-ብርሃን እንተረኣና፡ ነዚ ሕጂ ንርከቦ ዘሎና መድረኽ፡ ክንመሃረሉ ዝሕግዘና ሕሉፍ ታሪኽ ከምዘሎ ክንርኢ ንኽእል። <u>ኣብቲ ሽዕኡ እዋን ማእከልነት ዝሓለወ-መምርሒ" ካብ ዘይምንባሩ ዝተላዕለ፡ እቲ ማሕበር ንወራር መናፍቓን ዝተቓልዐ ኮይኑ ክርከብ ምኽንያት ኮይኑ'ዩ ክበሃል ይከኣል"</u> ኣብቲ ብድሕሪኡ ዝቐጸለ ዓመታት፡ ክሳብ ምውዳቕ ደርጊ ዝነበረ እዋናት እንተኾነ'ውን፡ ኣብቲ ደምበ-ተዋሕዶና ኣዚዩ ብዙሕ ዝኾነ ናይ መንእሰያት ምንቅስቓስ ተራእዩ'ዩ።ማእከልነት ዝሓለወ ኣመራርሓ ካብ ዘይምናባሩ ዝተላዕለ ግና፡ኣድራሻ ለዊጡ ዝኸደ መንእሰይ ዉሑድ ኣይኮነን። ስለዚ'ውን እቲ ረብሓ ንመናፍቓን ደኣምበር፡ <u>እቲ ደምበ-ተዋሕዶናስ መሰጋገሪ ወይ መንጠሪ ካብ ምዃን ሓሊፉ፡ ደምቢኡ ክቈጻጸር ኽኢሉ'ዩ ዝብል ታሪኽ የልቦን።</u>

ስለዚ ምእኩል ኣሰራርሓ ከይሓዝካ ዝግበር ንጥፈታት ኩሉ፡ ቤተ-ክርስቲያና ክትረብሓሉ'ያ ኢልካ ተስፋ ምግባር ከምዘይክኣል፡ እቲ ዝተሓልፈ ተመክሮ ዓቢይ ትምህርቲ እዩ። በዚ ምኽንያት'ዚ ንትምህርቲ- ሰንበት ዘማእክል "ወንጌል-ማእከል ዝገበረ" ቀዋሚ መምርሒ ምውጻእ፡ ንጽባሕ ዘይባሃል ዕዮ ምዃኑ ክዝንጋዕ ኣይግባእን። ግዜ ዝህበና ጉዳይ ከምዘይኮነ'ውን ምፍላጡ ኣገዳሲ እዩ።

እቲ ኣብ ቤት ትምህርቲ-ሰንበት ክሳብ ሕጂ ክርአ ዝጸንሐ ተሳትፎ መንእሰያት፡ ካብ ምዝማር ይሓልፍ'ዩ ዝበሃል ኣይኮነን።እንተኾነ ንርሑቕ ዝጠመተ ተመክሮ ደኣ ዘይጸንሐ ኮይኑ እምበር፡ ኣገልግሎት መንእሰያት ኣብ መዝሙር ጀሚሩ፡ ኣብ መዝሙር ዝውዳእ ክኸውን ኣይነበሮን። <u>እቲ ንመሓውር ቤተ-ክርስቲያን ከንቀሳቕስ ተኽእሎ ኣለዎ ዝበሃል ዉዑይ ኃይሊ፡ብመገዲ ዲቁና ኣቢሉ ክሳብ ክህነት ዝበጽሕ ኣገልግሎት ንምፍጻም ዘኽእሎ መሥመር'ዩ ክዝርግሓሉ ዝግባእ።</u>

ስለዚ ማእከልነት ብዘይብሉ ኣገባብ፡ በበይንኻን በብመገድኻን ዝግበር ጉዕዞ፡ ቅድሚ ሕጂ ውጽኢታዊ ክኸውን ከምዘይክኣለ፡ ሕጂ'ውን ከስርሓና ይኽእል'ዩ ዝበሃል ኣይኮነን። ስለዚ ከኣ'ዩ ሐደ ማእከልነት ዝሓለወ መምርሒ የድሊ'ዩ ዝብሃል ዘሎ። ብዝተረፈ ዝተጸንዐን ዝተጻፈፈን ከምኡ'ውን ዝተማእከለ መምርሒ ከነውጽእ ከይከኣልና፡ ንመንእሰያትና ካብ ወራር መናፍቓን ከነድኅኖም ኢና ምባል፡ ማይ ሓቝንካ ጠስሚ ከም ምጽባይ እዩ ክኸውን።

<u>ስለዚ'ውን</u> <u>ንትምህርቲ ሰንበት ተባሂሉ ዝወጸ መምርሕን ዝተዳለወ መጻሕፍትን ብዘይ ምህላዉ ከኣ'ዩ፡ እቲ ደምበ-ተዋሕዶና ዋና ከምዘይብሉ ቤት መናፍቓን ዝዕንድሩሉ ኮይኑ ዝርአ ዘሎ።</u>ስለዚ ኣብዚ እዋን'ዚ ካብ ጉዳይ ትምህርቲ-ሰንበት ዝዓቢ፡ ካልእ ቅድምና ንህቦ ጉዳይ ኣሎና ክንብል ስለዘይንኽእል፡ ናብ ትምህርቲ-ሰንበት ዝጠመተ ሓዲሽ ምዕራፍ ክንከፍት፡ እቲ ዘሎ ህልው ኩነታት ይግድደና ከም ዘሎ፡ ክንርዳእ ዘሎና ግዜ ሎሚ እምበር፡ ጽባሕሲ ከምቲ "ምራኽ ምስ ጠበወ ማሕለኻስ፡ ኽሕነቀሉ ድየ" በለት ላም ዝበሃል ከይኮነና ክንስከፈሉ ዘይግባእ ኣይኮነን።

እዚ ዘለናዮ ግዜ፣ ናይ ውድድር ግዜ'ዩ ክበሃል ይከኣል። ንፉዕ ተዋዳዳራይ ኴንካ ክትርከብ እንተዘይኪኢልካ ከኣ፣ ሰዓሪ ኴንካ ክትወጽእ ዝከኣል ኣይኮነን። እምበኣር ናብቲ መንእሰይ ወሎዶና ኣቢሎም ዝቋመቱ፡ ብዙሓት ተዋዳደርቲ ከም ዘለዉና ክንዝንግዕ ኣይግባእን። ስለዚ'ውን ኣብዚ ውድድር'ዚ ሰዓርቲ ኴንና ክንርከብ ዘኽእለና ጻዕሪ ክንገብር እንተዘይኪኢልና ከኣ፣ እቶም ደቅና ስለዝወለድናዮም ጥራይ ደቅና ክኾኑ ይኽእሉ'ዮም ክንብል ኣይንኽእልን። ስለ ዝኾነ'ውን እቲ መንእሰይ ወሎዶና ግቡእ ክርስቲያናዊ ኣተዓባብያ ምእንቲ ክረክብ፡ ቤት-ትምህርቲ ሰንበት ንነዊሕ ዝጠመተ መደብ ሒዙ ከምዝንቀሳቐስ ኣብ ምግባር፡ ኣበርቲዕና ክንሰርሕ ኣሎና።

ቅድም ኢልና ከም ዝበልናዮ ግን፣ ዝተጸንዐን ዝተማእከለን ኣገባብ ኣሰራርሓ ከይሓዝና፣ በበይንኻን በብመገድኻን ዝግበር ጉዕዞ፡ ከዐውት ይኽእል'ዩ ዝበሃል ኣይኮነን። ስለዚ'ውን ቅድሚ ኹሉ ማእከልነት ዝሓለወ መምርሕን መጻሕፍትን ከም ዘድሊ፡ ምፍላጡ ኣዝዩ ኣገዳሲ ኢዩ። በዚ ኣገባብ'ዚ ክንሰርሕ እንተኺኢልና ጥራይ ኢና፡ ንደቅና ካብቲ ዘንጻላልዎም ሓደጋ ከነድኅነኖም እንኽእል። ብጀካ'ዚ ዝተባህለ ምእኩል ኣሰራርሓ ድማ፡ ካልእ ኣማራጺ ኣሎ ንምባል ዝከኣል ኣይኮነን። ከም ዝፍለጥ ነዚ መዛረቢ ኮይኑና ዘሎ ኣርእስቲ መልሲ ክንረክብ ብዘይ ምኽኣልና፡ ከቢድ ሳዕቤን ኣኸቲሉ ብዙሓት መንእሰያት'ውን ኣኽሲሩና እዩ። እዚ ጌጋ'ዚ ግን እናተዳጋገመ ክነብር ክንገድፎ የብልናን። ስለዚ'ውን እቲ ዝሓለፈ ኩሉ ንታሪኽ ገዲፍና፡ ንሓድሽ ተበግሶ ብሓድሽ መንፈስ ክንብገስ ፡ እቲ ሕያው ኣምላኽ ዘነቓቕሕ መንፈስ ይልኣኸልና!!! ኣ ሜ ን ።

# ዓመታዊ ክብረ-በዓል መድኃኔ-ዓለም ዋሺንግቶን ዲ.ሲ

ከምቲ ዝተለምደ ኩሉ ሎሚ ዘመን'ውን፡ ኣብ ዋሺንግቶን ዲ.ሲ ዝርከብ ቤተ-ክርስቲያን ደብረ ሰላም መድኃኔ-ዓለም፡ ዓመታዊ ክብረ- በዓሉ ብዓብይ ክብሪ ኣብዒሉ ውዒሉ። ኣብዚ 29 ሚያዝያ 2003 ዓ/ም (05-7-2011) ዝተኽብረ በዓል'ዚ፡ ካብ ርሑቕን ቀረባን ብዝመጹ ውሉደ-ክህነት፡ ኣብ ድሮ'ቲ በዓል ዋዜማ ተቐይሙ፡ ንእግዚኣብሔር ከሥምር ብዝኽእል ኣገባብ'ውን ስብሓታት ክበጽሕ



ኣምስዩ።

ንጽባሒቱ ኣብቲ ክብረ-በዓል መዓልቲ'ውን፡ ሰዓት 4፡00 ወጋሕታ "ስቡሕ ወውዱስ" ተባሂሉ ዝተጀመረ ኣገልግሎት፡ ነቲ ተሳታፊ ሕዝቢ ከዕግብ ብዝኽእል ጣዕመ- ዜማ ስብሓታት ክበጽሕ ኣርፈዱ። እቲ ኣገልግሎት- ማሕሌት ብዕልልታ እተን ኣዴታት እናተሰነየ መቓልሑ ክስማዕ ከሎ፡ ንመንፈስ ዘሐድስ ፍሉይ ጣዕሚ ነይሩዎ ክበሃል ይከኣል። ብዝተረፈ እቲ ኣማን- እዝጊ ብምዃኑ ዝፍለጥ ሕዝብና፡ኣብ ዝሃለወ ይሃሉ ምስ ቤተ- ክርስቲያን ዘለዎ ዝምድና፡ ጽኑዕን ድልድሉን ካብ ምዃኑ ዝተላዕለ፡ ኣብ ስደት'ውን እንተኾነ ፈተና ክስዕሮ ዘይክእል ኮይኑ ምርካቡ፡ ንጽንዓት እምነት ሕዝብና ዝገልጽ እዩ።

ብዝተረፈ እቲ ኣገልግሎት ቀጺሉ፡ቆሞስ ተኽስተ ብርሃነ ሠራዒ- ካህን ብምዃን ዝመርሑዎ ቅዳሴ፡ ግሩም ብዝኾነ ጣዕመ- ዜማ ተቐዲሱ ድርገት ምስ ወረደ፡ ብዙሓት ምእመናን ተሳተፍቲ ቅዱስ ቁርባን ብምዃን፡ ሰማያዊ በረኸት ተቐቢሎም። በዚ ኣገባብ'ዚ እውን ቅዳሴ ተፈጺሙ "እትዉ በሰላም" ምስ ተባህለ፡ ንሕዝቢ ዝሓንጽ ነቲ በዓል ዝምልከት ትምህርቲ ወንጌል ብቀሲስ ሓለፎም ዓምደማርያም ተዋሂቡ።ካብዚ ብምቕጻል'ውን ታቦት ብዓብይ ክብሪ ንዑደት ወጺኡ። "ታቦት በውስቴታ ኦሪት በውስቴታ"ተባሂሉ ምስ ተወረበ ድማ-ምህልላ ተገይሩ ናይቲ በዓል'ውን ፍጻሜ ኮይኑ።

ብድሕሪ'ዚ እቲ ሕዝቢ ናብቲ ብልግሲ ቤተ-ክርስቲያን ተዳልዩ ዝነበረ መኣዲ ኣቢሉ'ዩ ኣምሪሑ። ንኹሉ ዝኣክል ብዓይነት ዝምረጽ ትሕዝቶ'ውን ቀሪቡ ስለዝነበረ፡ እቶም ደቂ መድኃኔ- ዓለም ዕዱማቶም ንምሕጓስ ዝገበሩዎ ዕጥቂ፡ እዚ ተሪፉ ዝበሃል ኣይነበረን። ብዝተረፈ እዚ ቤተ- ክርስቲያን'ዚ ኣብዚ ሕጂ በጺሑዎ ዝርከብ ዘሎ ደረጃ ክበጽሕ ምኽኣሉ፡ ብዙሓት ብኣድናቖት ክዛረቡሉ ይስማዕ እዩ። ከምቲ ጐይታና ኣብ ወንጌሉ "ዝናም ዘነመ፡ ውሕጅ ወሓዘ፡ ንፋስ'ውን ነፈሰ፡ ነቲ ቤት ከኣ ደፍኡዎ፡ ኣብ ከውሒ ስለ ዝተሠረተ ግን ክወድቕ ኣይከኣለን" ዝብሎ። ንታሪኽ እንዳ መድኃኔ-ዓለም ክገልጽ ዝኽእል ኣበሃህላ'ዩ እንተተባህለ፡ ጌጋ ኣይኮነን።(ማቴ፡7-25)

እዚ ቤተ- ክርስቲያን'ዚ ኣካል'ቲ ብደቂቀ-እንጦንዮስ ዝፍለጥ ሃገረ- ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ ኮይኑ፡ ነቲ ኹሉ ኣብ ልዕሊ ቅድስቲ ኦርቶዶክስ ሃይማኖት ዝፍጸም ግህሰት ሕጊ፡ ኣበርቲዑ ክቃወም ዝጸንሐን ሕጂ'ውን ዝቃወም ዘሎን፡ ብብዙሕ ፈተና ተፈቲኑ ብዓወት ክወጽእ ዝኸኣለ ቤተ- ክርስቲያን'ዩ ክበሃል ይከኣል። ስለዚ'ውን ኣብዚ እዋን'ዚ" ቃለ-ኣዋዲ" ብምባል ዝፍለጥ ፕሮግራም ኣተኣታትዩ፡ ተልእኮ ወንጌል ብረድዮ ኣብ ምዝርጋሕ ይርከብ ኣሎ።

እንዳ መድኃኔ- ዓለም ሃብታም'ዩ ኢልካ ክግለጽ ዝከኣል ቤተ- ክርስቲያን'ዩ። ሃብታም'ዩ ማለት ግን ብገንዘብ ዘይኮነስ፡ በቶም ኣብ ትሕቲ ጽላሉ ዝርከቡ ማኅበረ- ምእመናን ዝዕቀን'ዩ። እዚ ማለት ድማ ካብ ክልቲኡ ጾታ ብዓይነት ዝምረጹን ንኣገልግሎት ውፉያት ዝኾኑን ኣባላት ስለ ዘለዉዎ'ዩ። እቲ ቤተ- ክርስቲያን ዕዉት'ዩ ዘብሎ'ውን እዚ'ዩ። ነቲ ፈተና ስዒሩ ክወጽእ ዝኸኣለ'ውን ብዓይነት ዝምረጹ ምእመናን ስለ ዘለውዎ እዩ። ብዝኾነ እቲ ክብረ- በዓል በዚ ኣገባብ'ዚ ክካየድ ምስ ወዓለ፡ "ስብሓት ለኣብ" ተባሂሉ'ውን መኣዲ ምስ ተላዕለ፡ ናይቲ በዓል ፍጻሜ ኮይኑ።ኣብቲ ክብረ- በዓል ካብ ዝቐረቡ ቅኔታት ድማ እዞም ዝስዕቡ ይርከቡ።

### ዋዜማ

ተግህሠ ወተኣተተ፡ ወልደ ኣማጽያን ጽልመት፡
እም ገጸ ልዑል ኣቡነ።

ኣኮ ዘእኩይ ምግባሩ ይጸልእ ብርሃነ።

ወፀሓየ ራማ ድኩም፡ ገጸ ዚኣሁ ከፈነ።

እንዘ እንጦኒ እግዚእ፡እምሰማይ ዘኮነ።

ወደዮሙ ውስተ ታህት ደይነ።

ሊቀ ካህናት ገ/ ሚካኤል ዮሓንስ

መድኃኔ- ዓለም ኣትላንታ።

### ዋዜማ

ተኣርቃ እምነ ክብር፡ ፀሓየ ራማ ድንግል፡
ወኣብያዘ ሰማይ ዘንእሳ።

ወፍጹመ ዘበኣስቀቅዎ፡ መልበሰ ኢለብሳ።

እስመ እስመ ርእየ ጥቀ፡ ስቅለተ ኣምላክ ኣንበሳ።

ወዘእንጦኒ ካህናት ዘበሃዊሳ።

ተቀጸሉ ለቤቴል መልበሳ።

መሪጌታ ዳዊት ገ/ሥላሴ
ኪዳነ-ምሕረት ኒዮርክ ኣልባኒ

### ዕጣነ ሞገር

ለልምድተ መብልዕ እም ጥንት፡ ወቅትለተ ሥጋ ዘራማ።

ኢየሩሳሌም ሳሌም፡ ዘይኤድማ።

ለሮጌል ንግሥተ ግዜ፡ ወዕፀያቲሃ ዘቆማ።

ኣኃዘ ይትቃወማ።

ትንሣኤ ፈጣሪ ሰሎሞን፡ ይእዜ ለባሴ መብረቅ ግርማ።

እስመ ኮነ በኃይለ ዚኣሁ፡ ይኄይል እምኣቅማ።

ማእዜ ትትፌሣሕ ወትዜምር፡ በቃለ ንፁሕ ዜማ።

ምድረ ኤርትራ ምድርነ ሳይዳ፡ ኅጥእተ መርዓዊ ኣስኬማ።

እስመ ኩለሄ ያስተሃምማ።

ደመ ደቂቃ ለባሕር፡ ወኃቅለ ቃማ።

ከመ ኣቤል፡ ጸራሂ በራማ።

መሪጌታ ዳዊት ገ/ሥላሴ

ኪዳነ-ምሕረት ኒዮርክ ኣልባኒ

# ኣብ ኢየሩሳሌም ዝተፈጸመ ዕዉት ዑደት

ምስ መጽሓፍ-ቅዱስ ዝፋለጡ ሰባት፣ ኢየሩሳሌም ዝብል ስም ሓዲሽ ክኾኖም ዝኽእል ኣይኮነን። ከመይሲ ናይ ብሉይ-ኪዳን ኮኑ ናይ ሓዲሽ-ኪዳን ጸሓፍቲ፣ ስማ ከይጠቐሱ ዚሓለፉ የለዉን። ብዙሕ መሪርን ጽንኩርን ፈተናታት ዚበጽሓ ስለ ዝኾነት፣ ብዛዕባኣ ዘይተጻሕፈን ዘይተባህለን የልቦን። ብዙሓት ኣጨኒቖማ ብዙሓት'ውን ኣንዲዶማን ኣፍሪሶማን እዮም። ብዘይ ምቁራጽ ከኣ ንነዊሕ ዘመናት ክትምዝበር ዝጸንሐት ከተማ'ያ። ምስ'ዚ ኩሉ'ዚ ግን ነቢያት ካብኣ'ዮም ወጺኦም። ወንጌል'ውን ኣብኣ'ዩ ተሰቢኹ። ስለዚ ከኣ'ዩ ኢየሩሳሌምን ክርስትናን ዘይፈላለ ኮይኑ ዝርከብ ዘሎ።

ልዕሊ ኹሉ ድማ ጐይታናን መድኃኒናን ኢየሱስ-ክርስቶስ መከራ-መስቀል ዝተቐበለ ኣብ'ዛ ከተማ'ዚኣ ስለ ዝኾነ፡ እዚ ታሪኽ'ዚ ምስ ክርስትና ከም'ትተኣሳሰር ገይሩዋ እዩ። ነቢይ ነህምያ ከኣ " ቅድስቲ ከተማ " ብምባል ጠቒሱዋ ኣሎ። (ነህ 11፡1) ብዝተረፈ እቲ ጐይታና ዝተሰቐለሉ ቀራንዮ ወይ ጎልጎታ ዝተባህለ ቦታ፡ ኣብ ማእከል'ዛ ከተማ'ዚኣ ስለ ዘሎ ፣ ንዓና ንክርስቲያን ካብ ኢየሩሳሌም ዝዓቢ ካልእ ቅዱስ ቦታ ኣሎና ክንብል ኣይንኽእልን። ስለ'ዚ ከኣ'ዮም ኩሎም ክርስቲያን ዓለም፣ ብዘይ ምቁራጽ ናብ ኢየሩሳሌም ክኸዱ ዝረኣዩ ዘለዉ።



ንሕና'ውን ከም ሕዝቢ-ሓበሻ መጠን ንንግደት ኢየሩሳሌም ሓደስቲ ኣይኮንናን። (ግሓ 8፡26-40)

ካብዚ ብምቕጻል ዘሎ ታሪኽ'ውን በብግዚኡን ዘመኑን ብዙሓት መነኮሳት ካብ ምድረ-ኣግኣዚያን ተላዒሎም፣ ነቲ ጽንኩር ኣጻምእ ምድረ-በዳ ሓሊፎም፣ ብእግሮም'ውን ተጓዒዞም ናብታ ቅድስቲ ከተማ ክነግዱ ጸኒሖም'ዮም።ድሕሪ ምምስራት ምስልምና ግን፣ እግሮም መሊኦም ክኸድዎ ዝኽእሉ መገዲ ክኾነሎም ከም ዘይከኣለ'ዩ ዝፍለጥ። ስለዚ'ዉን እቲ መገዲ ናይ ሕይወት ዋጋ ዝሓትት ኮይኑ ከም ዝተረኽበ፣ ትውፊት ቤተ-ክርስቲያን ይዛረብ'ዩ። ቦ ግዜ ለኹሉ ከም ዝበሎ ሰሎሞን ግን፣ ነዚ ልዕል ኢልና ዝጠቐስናዮ ኩነታት ግዜ ስለ ዝቐየሮ፣ ሕዝብና'ውን መገዲ ኢየሩሳሌም ክመላለሶ ካብ ዝጅምር፣ ሓጺር እዋን ኣይኮነን።

ስለዚ'ውን ኣብዚ እዋን'ዚ ኣብዛ ቅድስቲ ከተማ፣ ብኣሽሓት ዝቑጸሩ ኤርትራውያን መንእሰያት ስለ ዘለዉ፣ መንፈሳዊ ኣገልግሎት ክረኽቡሉ ዝኽእሉ ኩነታት ክፍጠር ኣድላዪ ኮይኑ ስለ ዝተረኽበ፣ ናይ ሰሜን ኣሜሪካ ሃገረ- ስብከት ጳጳስ ብፁዕ ኣቡነ-መቃርዮስ፣ ኣብ ፪ ሰነ ፳፻፪ ዓ/ም ( 9th June 2010) ንኢየሩሳሌም ክጓዓዙ ኣድላዪ ኮይኑ ተረኺቡ። ምስተን ኣብኡ ዝርከባ ናይ ምብራቕ ኦርቶዶክስ ኣብያተ-ክርስቲያናት ሓለፍቲ ብምልዛብ ድማ፣ ብስም ቅድስት-ማርያም ዝተሰምየ ታቦት ብምሃብ፣ ኣብ ትሕቲ ጽላል ኦርቶዶክሳዊት ቤተ-ክርስቲያናት ከም ዝጥርነፉ ከም ዝገበሩዎም ይፍለጥ።

በዚ መሰረት'ዚ ድማ ኣብቲ ብምኽንያት በዓል-ትንሣኤ ዝግበር ናይ ጸሎት ሥነ-ሥርዓት ንኽሳተፍ፣ ሓደ ጉጅለ-ነጋዲያን) ንኢየሩሳሌም ክኸይድ ብመደብ ተታሒዙ ስለ ዚነበረ፣ እዚ ጉጅለ'ዚ ናይ ሃገረ-ስብከት ሰሜን-ኣሜሪካ ሊቀ-ካህናት ብዝኾኑ፣ ብቀሲስ ገብረ-ሚካኤል ዮሓንስ ተመሪሖ ፲፺ ሰነ ፳፻፫ ዓ/ም (27/ 4 /2011) ናብ ኢየሩሳሌም ኣትዩ። እቲ ድሮ ብብፁዕ ኣቡነ-መቃርዮስ ዝቜመ ቤተ-ክርስቲያን ቅድስት-ማርያም ስለ ዘሎ ከኣ፣ እቲ ጉጅለ ነጋድያን ናበይ ኢና ክንጽልን ክንሰግድን ኢሉ ዝሽገረሉ ምኽንያት ኣይነበሮን።

ብዝኾነ እቲ ብብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ ዝምራሕ ሃገረ-ስብከት ሰሜን-ኣሜሪካ፣ ኩነታት እቲ ብዘይ መራሕን ኣላይን ዝርከብ ዘሎ ሕዝቢ-ተዋሕዶ ስለ ዘተሓሳሰቦ'ዩ፣ ነቲ ኣብ ምድረ-እስራኤል ብስደት ዝነብር ዘሎ ኦርቶዶክሳዊ-መጓሰ፣ናይ ቤተ-ክርስቲያን ጸግዕን ጽላልን ክረክብ ዝኽእለሉ ባይታ ከጣጣሕሉ ሓላፍነት ዝወሰደ። ስለዚ'ውን ሃገረ-ስብከት ሰሜን-ኣሜሪካ ተበግሶ እንተዘይገብር ነይሩ፣ ካልእ ትጽቢት ክግበረሉ ዝከኣል ኣካል ከም ዘየልቦ፣ እቲ ኣብ ከተማ-ሮማ ብዕለት ፲፯-፳ ጥሪ ፳፻፫ ዓ/ም (25-28 / 1 /2011) ዝተጋብአ፣ ናይ ምብራቕ ኦርቶዶክሳውያንን ካቶሊካዊት ቤተ-ክርስቲያንን ፣ኀባራዊ ጉባኤ ዘውጽኦ መግለጺ ምምልካት ይከኣል እዩ። እዚ ዝተባህለ መግለጺ ከምዘመልክቶ፣ ነቲ ዮፍታሔ ዲሜጥሮስ ጠፉጢፉ ዝሰርሖ ፓትርያርክነት ኣባ ዲዮስቆሮስ ብምንጻግ፣ ናይ ኤርትራ ኦርቶዶክስ ቤተ-ክርስቲያን ሕጋዊ ፓትርያርክ፣ ብፁዕ ወቅዱስ ኣቡነ-እንጦንዮስ ምኳኖም ኣፍልጦ ዝህብ መግለጺ እዩ። ይኹን-እምበር እቲ ሓቂ እዚ ምኳኑ እናተፈልጠ ከሎ፣ ዮፍታሔ ግን እቲ ዓሚ ኣብ ኢዮሩሳሌም ዘጋጠሞ ፍሽለት ምእካል ስኢኑዎ፣ ሎሚ-ዘመን'ውን ንኣባ ዲዮስቆሮስ ኣኸቲሉ ንኢየሩሳሌም ምምጽኡ ኣይተረፈን።ነቲ ኣብ ትሕቲ ጽላል ታቦተ-ማርያም ተጠርኒፉ ዝርከብ ዘሎ ሕዝቢ ንምብትታኑ'ዉን፣ ብዙሕ ላዕልን ታሕትን ክበሃል ከም ዝቐነየ ተሰሚዑ እዩ። በየናይ ሥልጣን ምኳኑ ደኣ እንድዒ እምበር " ከነውግዘኩም ኢና " ክሳብ ምባል ዝበጽሕ ምፍርራህ ክግበር ቀንዩ እዩ። እዚ ከንቱ ፈተነ'ዚ ግን ንዓታቶም ደኣ ኣብ ትዕዝብቲ ኣእተዎም እምበር፣ ዘፍረየሎም ነገር የልቦን።

ከም ዝፍለጥ ብዘይ ሥልጣነ-ክህነት ክግበር ዝከኣል ውግዘት የልቦን። ድሮ ንርእሱ ተወጊዙ ዘሎ ኣካል ከኣ፣ ወጋዚ ኮይኑ ክርከብ ከም ዘይከኣል ዮፍታሔ ዘይፈልጥ እንተደኣ ኮይኑ ዘገርም ኣይኮነን። ከመይሲ ንሱ ንቤተ-ክርስቲያንን ቀኖና ቤተ-ክርስቲያንን ባዕዲ ስለ ዝኾነ፣ ኣፋራሪህካን ኣጉባዕቢዕካን ዝደለኻ ክግበር ዝከኣል ክመስሎ ይኽእል እዩ። እቲ ብሕግን ብሕልናን ቅቡል ዝኾነ ኣገባብ ግን ከምኡ ኣይኮነን። ስለዚ'ውን እቶም ኣብ ከባቢኡ ዘለዉ ኩሎም " ብሥልጣነ-ኣብ ፤ወወልድ፤ወመንፈስ-ቅዱስ " ዝተወገዙ ስለ ዝኾኑ፣ ክህነቶም ኣይክህነት መስቀሎም 'ውን ኣይመስቀልን እዩ። ሥልጣነ ክህነት ከይሃለወካ ከኣ፣ " ወጋዚ " ኴንካ ክትርከብ ዘኽእል ምኽንያት ፈጺሙ የልቦን

ብዝተረፈ እቲ ዮፍታሔ ዝዋንኡ ደምበ፡ቀልጢፍካ ናይ ምርዳእ ጸገም ስለ ዘለዎ ግዲ ኮይኑ፡ ውግዘት ዝኣክል ዕዳ ኣብ ዝባኑ ተጻዒኑ እናሃለወ፡ ክውግዝዶ ክኣስር ኢሉ ከፈራርህ ምፍታኑ፡ እቲ ዝዕዘብ ኩሉ ክስሕቆ እንተዘይኮይኑ፡ ከወግዝ ዘኽእሎ ሥልጣን ከም ዘይብሉ ብግልጺ ክንገሮ ግቡእ እዩ።

# ርትዕት ሃይማኖቶሙ ለቅዱሳን-ኣበዊነ

እዚ ቀጺሉ ንንባብ ቀሪቡ ዘሎ ጽሑፍ፡ "ትምህርተ-መለኮት" ካብ ዝተባህለ ብኣማርኛ ዝተዳለወ መጽሓፍ ዝተተርጐመ እዩ። ናይ'ዚ መጽሓፍ'ዚ ደራሲ ከኣ ናይ ሥነ-መለኮት ምሁር ዝኾኑ፡ መምህር ኣሥራት ገብረማርያም ዝተባህሉ ኦርቶዶክሳዊ-ሊቅ እዮም። ስለዚ'ውን ትሕዝቶ እቲ መጽሓፍ ኣዚዩ ኣገዳሲ ኮይኑ ስለ ዝረኸብናዮ፡ ተተርጉሙ ንንባብ ከምዝበቅዕ ጌርናዮ ኣሎና።እግዚኣብሔር ዝኸብረሉን ነበብቲ ብፍልጠት ዝሕነጹሉን ክኸውን ድማ ሠናይ ትምኒትና እዩ።

## ምሥጢረ ተዋሕዶ

### ሀ,መእተዊ

ባሕርይ ማለት እንታይ ማለት'ዩ? ባሕርይ ማለት ናይ ሓደ ነገር ትኽክለኛ መንነት ወይ እንታይነት ዝገልጽ ቃል እዩ።

ቤተ-ክርስቲያን ናይ ቅዱሳት-መጻሕፍቲ መረዳእታን-ናይ ቅዱሳን ኣቦታት ትምህርትን መሠረት ብምግባር፡ ናይ ጐይታና ኢየሱስ ክርስቶስ መለኮትን ትስብእትን ሓደ ኣካልን ሓደ ባሕርይን ንምኳን፡ ዝተዋሕደ መለኮት ምስ ምሉእ መለኮታዊ ባሕርዩን ጠባዩን ክኸውን ከሎ ስለ ዝኾነ፡ ከምኡ'ውን ትስብእት ብጀካ ኃጢኣት ምስ ምሉእ ሰብኣዊ ባሕርዩን ጠባዩን ከምዘሎ ኮይኑ ደኣምበር፡ ብምኽንያት ተዋሕዶ ምትሕውዋስ, ምጥፍፋእ, ምፍልላይ, ምልውዋጥ ከምዘሎ ዘይትኣምን ኣብ ርእሲ ምኳና፡ መለኮትን ትስብእትን ምስ-ተሓዋወሱ፡ ትስብእት ብመለኮት ተዋሒጡ ጠፊኡ'ዩ ዝብል ናይ ኣውጣኪ ክሕደት፡ዝተወገዘ ምኳኑ ተረጋግጽ።

ጐይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ፡ ብተዋሕዶ ሓደ ኣካል, ሓደ ባሕርይ, ሓደ ፍቓድ, ንኽህልዎ ዘድለዮ፡ ደቂ-ሰብ ንምድኃን መለኮትን ትስብእትን ኀቢሮም ክህልዉ ብግዲ ስለ ዘለዎም እዩ።ትስብእት ክህሉ ዘድለየ ከኣ ኣብ ክንዲ ደቂ-ሰብ ሙማት ስለዘዎ ክኸውን ከሎ፡ መለኮት ክህሉ ዘድለየ ድማ፡ ውክልና ዘይርከበሉ ብምኳኑ እዩ።

### ለ,ምስክርነት መጽሓፍ-ቅዱስ

ቤተ-ክርስቲያን ናይ መለኮትን ትስብእትን ተዋሕዶ፡ እንተ ኣመነትን እንተ መሃረትን'ውን ናይ ምውህሃዱ ምሥጢር ከምዚ'ዩ ወይ በዚ ዓይነት'ዚ እዩ ተባሂሉ ክግለጽ ዝከኣል፡ ብቋንቋ ደቂ-ሰብ ክግለጽ ቃላት ዘይርከበሉ ምሥጢር ምኳኑን፡ ምሥጢሩ'ውን ኣተሓሳስባ ደቂ-ሰብ ክርድኦ ካብ ዝኽእል ንላዕሊ ምኳኑ ትርዳእ። ስለዚ'ዩ ሓዋርያ ጳውሎስ "ብሥጋ ሰብ ተገልጸ......ዝብል ናይ እምነትና ምሥጢር ብርግጽ ዓቢይ እዩ" ብምባል ዝገልጾ(1ጢሞ፡3-16)

ስለዚ'ውን መለኮትን ትስብእትን ምስ ተዋሃዱ፡ ሓደ ኣካልን, ሓደ ባሕርይን, ሓደ ፍቓድን ደኣ ንብል እምበር፡ ንድሕሪት ተመሊስና ክልተ ኣይንብልን። መለኮት ናይ መለኮት ትስብእት ድማ ናይ ትስብእት ጥራይ'ዮም ዝሰርሑ እንተደኣ ኢልና፡ ናይ ትስብእት መድኀኒ ምኳን እኹል ክኸውን ኣብ ርእሲ ዘይምኽኣሉ፡ በዚ ኣበሃህላ'ዚ እግዚኣብሔር ንዝገበረልና ውዕለት ዋጋ ምኽላእ'ውን ክኾነና እዩ። ብዝተረፈ እዚ ናይ መለኮትን ትስብእትን ተዋሕዶ እንተ ዘይተኣሚኑሉ፡ ኣምላኽ ሰብ ክኸውን ኣይመድለዮን ነይሩ። እቲ ኣምላኽ ሰብ ኮነ ዝብል እምነትና'ውን ከንቱ ምኾነ ነይሩ። መለኮትን ትስብእትን ብምውኅሃዶም ግና፡ ባሕርየ ትስብእት ..........

ቅድም ኢሉ ከምዝተገልጸ ናይ መለኮትን ትስብእትን ተዋሕዶ ብዘይ ምጥፍፋእ ብምኳኑ፡ ወልድ ብሥጋ'ዩ ሞይቱ ኢና ንብል። እዚ ድማ ኣብዞም ዝኽተሉ ጥቕስታት ክንርእዮ ንኽእል።

"ኣብ ቅድሚኡ ምእንቲ ክቖመኩም፡ ብሞት ሥጋዊ ሰብነት ወዱ ገይሩ ዓረቐኩም"(ቈላ፡1-22)

"ክርስቶስ ሓንሳብን ንሓዋሩን ምእንቲ ሓጢኣትኩም ሞተ። ናብ ኣምላኽ ምእንቲ ከቕርበና ከኣ፡ ጻድቕ ከሎ ምእንቲ ሓጥኣን ሞተ። ብሥጋ ሞተ ብመንፈስ ከኣ ሕያው ኮነ" ( 1ጴጥ 3፡18 )

"እምበኣር ክርስቶስ ብሥጋ ስሌና ተሳቐዩ እዩ" (1ጴጥ 4፡1 )

ኣብ ደቂ-ሰብ ዝርአ ሰብኣዊ ስምዒት፡ ንኣብነት ከም ምሕጓስ, ምሕዛን, ምፍቃር, ምጽላእ, ምጥማይ, ምጽማእ, ምሕማም, ክጥቀሱ ይከኣል። እዞም ከምዚኣቶም ዝኣመሰሉ ስምዒትታት ክረኣዩ ዝኽእሉ፡ ሰብ ሥግኡን ነፍሱን ኃቢሮም ክህልዉ ከለዉ ምኳኑ ግልጺ'ዩ። ድሕሪ ምፍልላይ ሥጋን ነፍስን ወይ ድሕሪ ሞት ግና፣ እዞም ዝተባህሉ ስምዒታት ክህልዉዎ ኣይክእሉን እዮም። ሰብ ክመውት ከሎ ድማ፣ ሥግኡ እምበር ነፍሱ ኣይትመውትን እያ። ብዝተረፈ ምንቅስቓስ ሰብነትናን ትንፋስናን ብጠቕላላ ሕይወትና ነፍስና ከም ምኳና መጠን፣ ነፍስን ሥጋን ኣብ ዝፈላለያሉ ግዜ፣ ሥጋ ሕይወት ዘይብሉ ይኸውን። ነፍሱን ሥግኡን ዝተፈላለየ ሰብ ድማ፡ ሰብ ምባሉ ተሪፉ ሬሳ ተባሂሉ'ዩ ዝጽዋዕ። ይኹን እምበር ሓደ ሰብ ክመዉት ከሎ፡ ብስጋ ሞይቱ ክበሃል ኣይከኣልን። ምኽንያቱ ሰብ ክበሃል ዝከኣል፡ነፍሲ ክህልዎ ኸሎ ጥራይ እዩ። እምበኣር ነፍሲ-ሰብ ዘይመውት እንተደኣ ኮይኑ፡ ንሰብ ነፍሲ ዝህብ መለኮት፡ ሕማምን ሞትን ክበጽሖ ከም ዘይከእል ግልጺ'ዩ።

ግዳስ ምንምኳ ናይ መለኮትን ትስብእትን ተዋሕዶ፡ ብዘይ ምትሕውዋስን ምጥፍፋእን ምኳኑ እንትተ ተኣምነ፡ ኣምላኽ ብትስብእቱ መከራ-መስቀል ተቐቢሉ ሞተ ንብል። እዚ ማለት ግን ንቕጽበት ዓይኒ ዝኸውን ግዜ'ውን እንተኾነ፡ መለኮት ካብ ትስብእት ዘይተፈልየ ምኳኑ ንምምልካት'ዩ።ነዚ ድማ እዞም ዝስዕቡ ናይ ቅዱሳት-መጻሕፍቲ መረዳእታታት ንመልከት።

"ሕፃን ተወሊዱልና ወዲ ከኣ ተዋሂቡና እዩ። ንሱ ከኣ ገዛኢ ክኸውን እዩ። ግሩም መካር, ብርቱዕ-ኣምላኽ, ኣቦ-ዘለዓለም, መስፍን-ሰላም ተባሂሉ ክጽዋዕ እዩ" (ኢሳ 9፡6) እምበኣር ሕፃን ኴንካ ምውላድ፡ ናይ ትስብእት ባሕርይ ምኳኑ እንትተፈልጠ'ውን፡ ብምኽንያት ናይ መለኮትን ትስብእትን ተዋሕዶ፡ እቲ ዝተወልደ ሕፃን ኃያል ኣምላኽን ኣቦ ዘለዓለምን ክበሃል ምኽኣሉ ነስተውዕል።

"እንሆ ድንግል ክትጸንስ ወዲ'ውን ክትወልድ እያ። ስሙ ከኣ ኣማኑኤል ተባሂሉ ክጽዋዕ እዩ። ትርጉሙ ድማ ኣምላኽ ምሳና'ዩ" (ማቴ 1፡23) እዚ'ውን ከምቲ ቅድም ኢልና ዝሓለፍናዮ ጥቅሲ፡ ተጸንኒስካ ምውላድ ናይ ትስብእት ባሕርይ ምኳኑ እንተ ዘይተኻሕደ'ውን፡ ኣማኑኤል ማለት ኣምላኽ ምሳና'ዩ ዝተባህለ፡ ናይ መለኮትን ትስብእትን ተዋሕዶ ንኽመልከተና እዩ።

"ኣምላኽ ንወዱ በጃ ክሳብ ዝህብ፡ ክሳብ ክንድዚ ንዓለም ኣፍቀራ"(ዮሓ፡3-16) እዚ ማለት ድማ፡ ወልድ ንእግዚኣብሔር ሓደ ወዱ ምኳኑ፡ ብመለኮቱ እንተኾነ'ውን ዓለም ንምድኃን ንስቓይን ሞትን ተዋሂቡ ዝተባህለ፡ መለኮት ኣብ ዝኾነ ይኹን ግዜ፡ ካብ ትስብእቱ ዘይተፈልየ ብምኳኑ እዩ።

"እታ ብገዛእ ደሙ ዘጥረያ ቤተ-ክርስቲያን ኣምላኽ ትጓስዩ"(ግ/ሓዋ፡20-28)

ኣብዚ ድማ እቲ ምእንቲ ቤተ-ክርስቲያን ደሙ ዘፍሰሰ፡ ኣምላኽ ተባሂሉ ክጥቀስ ምኽኣሉ ነስተውዕል።

"እንተ ዝፈልጡዎስ ንጐይታ ክብሪ ኣይምሰቐሉዎን ነይሮም"( 1ቆሮ፡2-8)

ናብ 4ይ ገጽ ይቕጽል......

# ዓመታዊ ክብረ-በዓል መድኃኔ- ዓለም ኣትላንታ

ኣብ ከተማ ኣትላንታ ዝርከብ ቤተ-ክርስቲያን መድኃኔ- ዓለም፡ 27 መጋቢት 2003 ዓ/ ም (4-9 - 2011)ዓመታዊ ክብረ በዓሉ ኣኽቢሩ ውዒሉ።ኣቐዲሙ ብዝወጸ መርሓ- ግብር መሠረት፡ ኣብ ድሮ"ቲ በዓል ከም ልምድን ሥርዓትን ቤተ-ክርስቲያን ዋዜማ ተቘይሙ ኣምስዩ። ነቲ ክብረ-በዓል ክብሉ ብዙሓት ሊቃውንቲ መጺኦም ስለ ዝነበሩ'ውን እቲ ያሬደዊ - ዜማ፡ ምስ መንፈስናን ታሪኽናን ዝተወሃሃደ ከም ምዃኑ መጠን፡ እቲ ጣዕሚ-ዜማ ሰሚዕካዮ'ውን ዝጽገብ ኣይነበረን።ብኸምዚ ኣገባብ'ዚ ከኣ እቲ ዋዜማ ክፍጸም ክኢሉ።

ንጽባሒቱ ኣብቲ ክብረ- በዓል መዓልቲ'ውን"ስቡሕ ወውዱስ" ተባሂሉ፡ ሰዓት 4፡00 ወጋሕታ ዝጀመረ ቁመተ ማሕሌት፡ ንመንፈስ ብዘሕድስ ጣዕሚ- ዜማ መቓልሑ ክስማዕ ኣርፊዱ። ኣብቲ መንሳ ጸጸኒሑ ይግበር ብዝነበረ "ወረብ" ድማ፡ እቲ ኣማኒ - ሕዝቢ ዕግበት ከምእተሰምዖ ንምግላጽ፡ ብድሙቕ ዕልልታ ከሰንዮ ይስማዕ ነይሩ። ከምዚ ሉ'ውን ግዜ እናሓለፈ ከይዱ ቅትርትር ምስበለ፡ እቲ ናይ ትርጉም ዝህልዎ ኣይኮነን። ጣዕሚ ኣለዎ'ውን ኣይበሃልን።

ብዝተረፈ ኣብቲ ክርስቲያናዊ ሕይወት ጽልእን ባእስን ዝበሃል ነገር ቦታ የብሉን።ስለዚ'ዩ እቲ ቅዱስ ጽሑፍ'ውን "ጸላእትኹም ኣፍቅሩ፡ ንዝረገሙኹም መርቑ" ዝብለና። (ማቴ 5-43) ኣብ ፍቅሪ ወሰንን ደረትን ስለ ዘየልቦ፡ ንኹሉ ብማዕረ ከነፍቅር ከምዝግበኣና ዘይንፈልጥ ክንከውን ኣይግባእን። ስለዚ ኣብ ሰማየ- ሰማያት ዝዓርግን ኣብ ቅድሚ እ/ሔር ዝቐርብን ጸሎት ክህልወና ዝኽእል፡ ብፍቅሪ ዝመቀረ ሕይወት ምስ ዝህልወና ጥራይ'ዩ....... ብምባል ብፁዕ ኣቦና ቃለ ወንጌል ኣስሚዖም።

ንጽባሒቱ'ውን እቲ ምእንቲ'ቶም ኣብ ባሕሪ- መዲተራንያን ተዋሒጦም ዝጠፍኡ፡ መንእሰያት ኤርትራውያን፡ ዝተገብረ ጸሎተ- ፍትሓት፡ ብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ እዮም መሪሖሞ። እቲ ሥርዓተ- ቅዳሴ'ውን ሠራዊ ብምዃን ዝመርሕዎ ንሶም'ዮም። እዚ ንምሉእ ሕዝቢ ኤርትራ ዘንቀጥቀጠ መርድእ'ዚ፡ ንብፁዕ ኣቦና'ውን እቲ ምረቱ ብዙሕ ኣሕዚንዎምን ኣንቢዑዎምን እዩ።



ማሕሌት ኣገልግሎት ኣብቂዑ፡ ቅዳሴ ዝጅመረሉ እዋን በጽሐ። ስለዚ ድማ ብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ ናይ ሃገረ ስብከት ሰሜን- ኣሜሪካ ጳጳስ ዝመርሕዎ ቅዳሴ ክጅመር ክኢሉ።

እዚ ብብፁዕ ኣቦና ዝተመርሐ ቅዳሴ፡ ግሩም ብዝኾነ ጣዕመ- ዜማ ክካየድ ከሎ፡ ምስ ድምጺ መቓልሕ ናይቲ ተሰጥዎ ዝቐበል ሕዝቢ ተወሃሂዱ ክዝየም ንዝሰምዖ፡ ንተመስጦ ዝዕድምን ንሕልና ዝኩሕኩሕን ኮይኑ ይርአ ነይሩ ክበሃል ይክኣል። በዚ ኣገባብ'ዚ እቲ ቅዳሴ ምስ ተፈጸመ ድማ፡ ብፁዕ ኣቦና ስብከተ ወንጌል ኣስሚዖም።

ብፁዕነቶም ዘመሓላለፍዎ መልእኽቲ ብጽማቕ ክርኤ ከሎ፡ ......ክቡራን ሕዝበ ክርስቲያን! እዚ ሎሚ እነኽብሮ ዘሎና ክብረ- በዓል መድኃኔ- ዓለም እዩ። እዚ ማለት ድማ "እቲ ብሰሪ ገበና ቆሰለ! ብሰሪ ኣበሳና'ውን ተኸትከተ! መቕጻዕቲ ናብኡ ወረደ! ንሕና ድማ ብስምብራቱ ሓዌና!! " ዝብል ትንቢት ምእንቲ ክፍጸም፡ ንዓና ንደቂ ሰብ ንምድኃን ጐይታናን ኣምላኽናን መድኃኒናን ኢየሱስ -ክርስቶስ፡ መከራ መስቀል ከምዝተቐበለ ዘመልክት እዩ።(ኢሳ፡ 53-5) ስለዚ'ዩ ሓዋ ጳውሎስ'ውን " ስለ ዘፍቀረና ብሞት ወዱ ገይሩ ተዓረቐና" ዝብል።( ሮሜ፡5-8) እምበኣር ጐይታና ካብ ሰማየ-ሰማያት ወሪዱ ሥጋ- ሰብ ክለብስን፡ መከራ- መስቀል ክቕበልን ዘገደዶ፡ ንደቂ- ሰብ ስለ ዘፍቀረ ምዃኑ እዮም እቶም ጽሑፋት ዝምህሩና። እዚ ምእንቲ ፍቅሪ- ሰብ ዝተፈጸመ በጃ ምሕላፍ'ዚ ከኣ፡ ንዓና ንክርስቲያን ዓቢይ ትርጉም ኣለዎ። መሠረት ክርስትና'ውን "ፍቅሪ" ምዃኑ ኢና ክንርዳእ ንኽእል። ብዘይ ፍቅሪ ዝንበር ሕይወት ከኣ፡

ኣብዚ እዋን'ዚ ናይቲ ሕጋዊ መንበረ ፓትርያርክ ዓቃቤ- መንበር ንሶም ስለ ዝኾኑ፡ ምእንቲ'ቶም ኣብ ፈቐዶኡ ዝጠፍኡ ዘለዉ

መንእሰያት ኤርትራ፡ ክሓዝኑን ከስቆርቁሩን ኣባታዊ ሓላፍነቶም እዩ።

ብዝተረፈ እዚ ዝተባህለ ጸሎተ- ፍትሓት፡ ኣብ ቤተ- ክርስቲያን መድኃኔ- ዓለም ኣትላንታ ክካየድ ምኽኣሉ፡ ናይ ታሪኽ ኣጋጣሚ'ኳ እንተኾነ፡ እዛ ቤተ- ክርስቲያን እዚኣ ግን። ትእምርቲ ጽንዓትን መኸተን ብምዃን እትፍለጥ ስለዝኾነት ነዚ ብደረጃ ቤተ- ክርስቲያን- ተዋሕዶ ዝተፈጸመ ጸሎተ- ፍትሓ ከተኣንግድ ምኽኣላ፡ ብታሪኽ እናተዘከረ ክነብር ዘለዎ ዓቢይ ውዕለት እያ ፈጺማ ክብሃል ይክኣል።

ይኹን እምበር ቤተ- ክርስቲያን መድኃኔ- ዓለም ኣትላንታ፡ ሓንቲ ካብተን በቶም እምነት- ኣልቦን ጸረ- ክርስትናን ዝኾኑ ወገናት፡ መሪር ፈተናን ጸለመን ክፍጸመለን ዝጸንሓ ኣብያተ ክርስቲያናት ከም ምዃና መጠን፡ ዘየስተማቐረቶ ምረት የልቦን። ግዳስ እቲ ኣብ ክርስትና ኮንካ ዝግበር መንፈሳዊ ጉዕዞ። ክሳብ መስቀልካ ምስካም ዝበጽሕ ክቡርን መሪርን ዋጋ ስለ ዘሓትት፡ ቤተ- ክርስቲያን መድኃኔ- ዓለም ኣትላንታ ድማ፡ ነዚ ኩሉ ፈተና ሓሊፋ'ያ ኣብዚ ሕጂ በጺሓቶ ዘላ ዕዉት መድረኽ ክትበጽሕ ዝኸኣለት'ሞ፡ ናይዛ ቤተ- ክርስቲያን'ዚኣ ውሉደ- ክህነትን ማኅበረ- ምእመናንን ብኅባር፡ እንቋዕ ኣዐወተኩም! እንቋዕ'ውን ኣሞገስኩም ብምባል ጋዜጣና ሓጎሳ ትገልጸሎም ኣላ።

ልኡኽ ጋዜጣ

........ካብ 1ይ ገጽ ዝቐጸለ

ንኽብሪ ብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ

ቅኔ'ውን ብግቡእ ዝተማህሩ ኣብዚ ገዳም'ዚ እዮም። ብመጻሕቲ እንተኾነ'ውን ብፁዕ ኣቦና ዘይዳህሰሱዎም መጻሕፍቲ ኣለዉ ንምባል ኣይከኣልን። ስለዚ'ውን እግዚኣብሔር ኩሉ ስለ ዝዓደሎም፡ ወንጌል ክሰብኩ ከለዉ ብኣድናቖት ዝሰምዖም ብዙሕ እዩ።

ብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ 1943 ዓ/ም (1951) ኣብ ሃገር ግብጺ ኣብ ዝርከብ ዮሓንስ- ከማ ኣብ ዝብሃል ገዳም ኣትዮም መንፈሳዊ ኣገልግሎት እናፈጸሙ ክመሃሩ ድሕሪ ምጽንሖም ከኣ፡ 1951 ዓ/ም (1959) ናይ ሥነ- መለኮት ዲግሪ ክምረቑ ምኽኣሎም ይፍለጥ። ካብዚ ብምቕጻል 1952 ዓ/ም (1960) ናብ ኢየሩሳሌም ብምኻድ፡ 1956 ዓ/ም (1964) ብማስተርስ-ዲግሪ ክምረቁቑ ዝኸኣሉ ሓበንን ክብርን ቤተ-ክርስቲያን ዝኾኑ ኣቦ እዮም። 1951 ዓ/ም (1959) ድማ ኣብቲ ንብፁዕ ወቅዱስ ኣቡነ ባስልዮስ ኣብ ሥልጣን ዘምጽአ ስምምዕ፡ ብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ ዋና ኣተርጓሚ ኮይኖም ከምዝወዓሉ ይፍለጥ።

ካብዚ ብምቕጻል ንናይ ምድረ- ኣግኣዚት ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተ-ክርስቲያን ብምውካል፡ 1954 ዓ/ም ( 1962) ኣብ ቫቲካን ኣብ ዝተገብረ ጉባኤ ተሳቲፎም። ብተመሳሳሊ መንገዲ'ውን ኣብ ናይጀርያ ሌጎስ ዝተገብረ ናይ ኣብያተ-ክርስቲያናት ጉባኤ፡ 1958 ዓ/ም (1965) ተሳታፊ ምንባሮም ይፍለጥ። ኣብዚ ዝተጠቐሰ እዋናት'ውን፡ ኣብ ቅድስተ-ሥላሴ መንፈሳዊ-ኮለጅ ኣማሓዳርን መምህርን ኮይኖም ክሰርሑ ተመዚዞም።

ኣብ መንጎ'ዚ ንኣሜሪካ ብምኻድ ኣብ ሃርቫርድ ዩኒቨርሲቲ ትምህርቶም ቀጺሎም። እንተኾነ ንሶም ዝድለዩሉ ኣገልግሎት ስለዝተረኽበ፡ ናብ ኣዲስ-ኣበባ ክምለሱ ግድነት ኮይኑዎም።ኣብቲ መንፈሳዊ ኮለጅ መምህርን፡ ናይ ኣማኑኤል ቤተ-ክርስቲያን ኣማሓዳርን ኮይኖም ክሰርሑ ድማ ተመዚዞም።

ኣብ 1966 ዓ/ም (1975) ግን፡ ኣብ ናይ ምብራቕ ኦርቶዶክስ ኣብያተ-ክርስቲያናት ጉባኤ ንምስታፍ ኣውስትሪያ ምስተላእኩ፡ ብእኡ ኣቢሎም ንኣሜሪካ ብምስጋር፡ ነቶም ብዘይገለ ኣላይን መራሕን ዝነበሩ ኦርቶዶክሳውያን መንፈሳዊ ኣገልግሎት ክህብ ዝኽእል ቤተ-ክርስቲያን ኣብ ዋሺንግቶን ዲሲ ኣቑሞም። እዚ ተበግሶ'ዚ ከኣ ነቲ ኣማኒ-ሕዝቢ ኦርቶዶክሳዊ መንነቱ ኣብ ምዕቃብ ዓብዪ ኣስተዋጽዖ ገይሩ ክበሃል ይከኣል።

**1977** ዓ/ም ( 1985) ድማ፡ ኣብቲ ምእንቲ ነጻነት ዝተገብረ ቃልሲ ብጸሎት ንምድጋፍን ደገፍ ንምሃብን ብመገዲ ሱዳን ኣቢሎም ንሃገርና ከምዝኣተዉ ይፍለጥ። ሓደ መንፈሳዊ ኣቦ ክገብሮ ዝግብኦ ኩሉ ከምዝፈጸሙ፡ ጸላእትን ፈተውትን ብማዕረ ዝምስክሩዎ ሓቂ።ዩ።

ብዝተረፈ ብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ ተሓቢእካ ዝዝረብ ዘረባ ምስ ባሕርያቶም ስለ ዘይሳነ፡ እቲ ክበሃል ይግብኦ'ዩ ኢሎም ዝኣመኑሉ ካብ ምባል ንድሕሪት ዝምለሱ ከምዘይኮኑ ዘይፈልጥ ኣሎ ኣይበሃልን። ነዚ ኣበሃህላ እዚ ከኣ እቲ 27 መጋቢት 2003 ዓ.ም. ኣብ ኣትላንታ ዘመሓላለፍዎ መልእኽቲ እኩል መረድኢ እዩ። ኣብ መንበረ ፓትርያርክ ኣብ ዝጸንሑለን ዓመታት'ውን፡ እዚ ግልጺ ዝኾነ ባሕርያት እዚ ክንጸባረቅ ተራእዩ እዩ፡፡

መወዳእትኡ ድማ 12 ጉንበት 1983 ዓ.ም. (1991) ጳጳስ ዲበ ኩሉ (**General Bishop)** ተባሂሎም ምስ ተቐብኡ፡ ኣብዚ ኣብ ኣሜሪካ ሃዋርያዊ ኣገልግለቶም ቀጺሎም። ይኹን እምበር ምስ ሙቛም ነጻ ሃገር ተታሓሒዙ፡ ርእሳ ዝኸኣለት ነጻ ኦርቶዶክሳዊት ተዋሕዶ ቤተ ክርስትያን ክትምሥረት ብዝነበሮም ራእይ፡ ብፁዕ ኣቦና ኣብ ኣሜሪካ ዘጥፍእዎ ግዜ ስለ ዘይነበሮም፡ ኣብ ጽባሕ ነጻነት እዮም ኣስመራ ኣትዮም።

ኣብቲ ሽዑኡ እዋን ውን፡ ኣብቲ መንበረ ጵጵስና ነቲ መሓውር ምምሕዳር ከንቀሳቕስ ዝኽእል ዝተቐረበ ኃይሊ ስለ ዘይነበረ፡ እቲ ከቢድ ሓላፍነት ዳርጋ ኣብ ዝባን ብፁዕ ኣቦና'ዩ ተጻዒኑ ክበሃል ይከኣል። ስለ ዝኾነ ውን ናይ ምምሕዳር ዋና ሓላፍን ከምኡ'ውን ናይ ወጻኢ ዝምድናታት፡ ብተወሳኺ'ውን ናይ ትምህርትን ስልጠና ካህናትን ሓላፍነት ንብፁዕነቶም እዩ ተዋሂቡ። በዚ'ውን እቲ መንፈሳዊ ኮለጅ ንምስራሕ ዝነበሮም ራእይ ግብራዊ ንምግባር፡ ማእከላይ ምብራቕን ኤውሮጳን ኣሜሪካን ዘጠቓለለ፡ ሰፊሕ መደብ ሒዞም ነዊሕ ዑደት ከምዝገበሩ ይፍለጥ። እቶም ጸረ ቤተ- ክርስቲያን ዝኾኑ ወገናት፡ በዝን በትን ኣሾኽ እንዳ ሓጸሩ ምሕላፍ ስለ ዝኸልኡዎም ግና፡ እቲ እታ ውጽዕቲ ቤተ-ክርስቲያንና ክትረብሓሉ ዝነበራ ግዜ ባኺኑ ተሪፉ።

ብብዙሕ ኣጋጣሚ ከምዝተራእየ ኣቡነ መቃርዮስ ሕዝቦም ባህሎም ቛንቋኦም ዓዶም ዝፈትዉ ሰብ እዮም። በዚ መሠረት እዚ ውን ብዙሕ ኣበርክቶ ክገብሩ ባህጊ ነይሩዎም እዩ። ንስራሕ ዝዕድም ሃዋህው ግን ኣይገጠሞምን። ንኹሉ ካብ ጫፍ ክሳብ ጫፍ ፈቲኖም ዘይከውን ምስ ኮኖም ከኣ "ካብ ሎሚ ምሸት'የ ይርሓብክን ምድሪ ቤቴ" ከምዝበሃል፡ ንስደት ክምርሑ ግድነት ኮይኑዎም።

ብዝተረፈ ከምቲ "ኢይከብር ነቢይ በሃገሩ" ዝበሃል ደኣ ኮይኑ እምበር፡ ኣቡነ መቃርዮስ ብሕይወት እና ሃለዉ፡ ሰብ ተሳኢኑ ከምዝተባህለ ቤተ-ክርስቲያንና ብሓደ ተራ ዘይተማህረ ጭዋ ከም እትምራሕ ኣይምተገብረን። ንሕጊ ኣኽብሮት ካብ ዘይምህላው ዝተላዕለ ግን፡ ጠቕላላ ኩነታት ቤተ -ክርስቲያን ንሓደጋ ዝተቃልዐ ኾይኑ ይርከብ ኣሎ።

ብዝኾነ ኣብዚ እዋን እዚ ብፁዕ ኣቦና፡ ናይ ሃገረ-ስብከት ሰሜን-ኣሜሪካ ጵላል ብምዃን፡ ዓቢይ ኣበርክቶ ኣብ ምግባር ይርከቡ ኣለዉ። ናይቲ ክሳብ ብፁዕ ኣቡነ እንጦንዮስ ዝበጽሐ ሓዋርያዊ ሰንሰለት፡ ዓቃብ መንበር 'ውን እዮም። ኣብዚ ፈተና ዝመልኦ ግዜ'ዚ ድማ፡ ትእምርቲ ጽንዓትን ተስፋን ኮይኖም ይርከቡ ኣለዉ። እቲ ሕያው እምላኽ ዕድመን ጥዕናን ክህቦም ድማ፡ ናይ ጋዜጣና ሠናይ ትምኒትና እዩ።

.......ካብ 3ይ ገጽ ዝቐጸለ

እምበኣር እቲ ናይ ክብሪ ጎይታ ተባሂሉ ዘሎ ኣምላኽን መድኃኒን ክኸውን ከሎ፡ ተሰቒሉ ምባሉ ድማ፡ መለኮትን ትስብእትን ኣብ ዝኾነ ይኹን ግዜ ዘይተፈላለዩ ምዃኖም ንኽመልክት እዩ።

ቀዳማይን ዳሕራይን ኣነ'የ። ሞይተ ነበርኩ እንሆ ከኣ ንዘልዓለም ሕያው እየ" (ራእይ ዮሓ 1፡17-18)

እዚ ድማ ቀዳማይን ዳሕራይን ዝብል ኣበሃህላ፡ ንኣምላኽነት ወይ ንመለኮት ዘመልክት ክኸውን ከሎ፡ ሞይተ ነይረ ዝበሎ'ውን ብትስብእት ክመውት ከሎ፡ መለኮት ዘይተፈልዮ ምዃኑ'ዩ ዘመልክት።

<u>ሐ-ናይ ቅዱሳን ኣቦታት ምስክርነት</u>

ንምውላዱ ቅድምና ብዘይብሉ፡ ቅድሚ ዓለም ብመለኮቱ ካብ ኣብ ብዝተወልደ፡ መሊሱ ድማ ንዓና ንደቂ-ሰብ ንምድኅን፡ ኣብ ዳሕራይ ዘመን ካብ ቅድስት ድንግል-ማርያም ዝተወልደ፡ ብወዲ እግዚኣብሔር ንኣምን። እቲ ዝተወሰነ ግዜ ምስ ኣኸለ ከኣ፡ እግዚኣብሔር ወዱ ለኣኸ። ካብ ድንግል ተወሊዱ ብምባል ብፁዕ ሓዋርያ ዝመሃረና፡ ነዚ ሓደ ኣምላኽ እዩ። ብመለኮት ወዲ እግዚኣብሔር ብሥጋ ከኣ ወዲ ኣዳም እዩ። ወዲ እግዚኣብሔርን ወዲ ኣዳምን ስለ ዝኾነ ግና፡ ነቲ ሓደ ንሰግደሉ ነቲ ሓደ ድማ ዘይንሰግደሉ፡ ክልተ ኣካልን ክልተ ባሕርይን ኣለዎ ንብል ኣይኮናን። ስለ ዝኾነ'ውን ሰብ ዝኾነ እግዚኣብሔር፡ ኣካሉን ባሕርዩን ሓደ ስለ ዝኾነ፡ መለኮትን ትስብእትን ከይፈለና፡ ሓንቲ ስግደት ኢና ንሰግድ።(ቅዱስ ኣትናቴዎስ ሃይማኖተ-ኣበው ገጽ-68)

# ብብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ ዝተመርሐ ጸሎተ ፍትሓት ተፈጺሙ።

ኣብዚ ዝሓለፈ ቀረባ ወርሓት፡ 325 መንእሰያት ኣብ ባሕሪ መዲተራንያን ጥሒሎም ከምዝሞቱ ዝነግር ዜና ተሰሚዑ’ ዩ።እዚ ሓዘን’ዚ ድማ ንኹሉ ዝብጽሖ ሓዘን ስለዝኾነ፡ጽንዓት ይሃብካ ክበሃል ዝግብኦ ብሙሉኡ ሕዝቢ-ኤርትራ’ዩ። ካብኡ ንናብኡ ድማ እተን ቀደሙ’ውን ብኽያትን ሓዘንን ዘይተፈልየን ኣዴታት፡ሕጂ ከኣ እዚ ክውሰኸን ከሎ፡ክንደይ ዘየብኪ ክንደይሲ ዘየሕዝን።

እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ሞት ግን ሕጂ ዝጀምር ዘሎ ኣይኮነን፡ ኣብዚ ዝሓለፈ ቀረባ ዓመታት ብተደጋጋሚ ብዙሓት መንእሰያት ብኣሊፍ ጠፊኦም’ዮም። ብበበይኑ ዓይነት ኣማውታ ኣብ በረኻታት ሱዳንን ግብጽን ሊብያን ዝሞቱ ደቂ-ተባዕትዮን ደቂ- ኣንስትዮን፡ ዝኾነ ሰብ ክግምቶ ካብ ዝኽእል ንላዕሊ’ዩ።ገሊኦም ኣብ ምድረ- በዳ ብጽምእን ጥሜትን ክሞቱ ከለዉ፡ ገሊኦም ድማ ባሕሪ ውሒጡዎም ድራር- ዓሣ ኮይኖም’ዮም። ዝግደሰሎምን ዝሓተሎምን ስኢኖም፡ ኣብ ኣብያተ- ማእሰርቲ ግብጽን ሊብያን ዝሳቐዩ ዘለዉ’ን ውሑዳት ኣይኮኑን። ኣብ ኢድ እቶም ራሻይዳ ዝበሃሉ ዓሌት ጅሆ ተታሒዞም፡ ኣብ መንጎ ሞትን ሕይወትን ዝርከቡ’ውን ብዙሓት ከምዝኾኑ’ዩ ዝንገር። በዚ ኹሉ’ዚ ድማ ሕዝቢ ኤርትራ እቲ ዝመረረ ናብራ ዘሕልፍ ዘሎ ሕዝቢ’ዩ እንተተባህለ ጌጋ ኣይኮነን።

ሕጂ ድማ እንሆ ንበዓል ነጎዳ ብሐዊ ተኩሶ ከምዝበሃል፡ ከም መቐጸልታ እዚ ዝተባህለ ኩሉ፡ 325 መንእሰያት ኣብ ባሕሪ ተዋሒጦም ከምዝጠፍኡ፡ መራኸቢ- ብዙሃን ዓለም ኣቃሊሐንኦ እየን።ስለ ዝኾነ’ውን እዚ ሓዘን’ዚ ሓዘን ምሉእ ሕዝቢ ኤርትራ ደኣምበር፡ ንዝተፈልዩ ወገናት ወይ ስድራ-ቤታት ዝምልከት ሓዘን’ዩ ዝበሃል ኣይኮነን። እዚ ሕዝቢ’ዚ ኣብ ዝሓለፈ ታሪኹ፡ ኃቢሩ ክወድቐን ክትንሥእን ዝጸንሐ ሕዝቢ’ዩ፡ ኣብ ዉዑይን ዝሑልን’ውን ኣይተፈላለየን፡ ኣብዚ ናይ ሕጂ ሓዘን’ውን ክፈላለ ኣይክእልን ‘ዩ።

በዚ መሠረት እዚ’ዩ ሃገረ- ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ’ውን፡ ናይ ምሉእ ሕዝቢ- ኤርትራ ሓዘን’ዩ ኢሉ ብምእማን፡ ንኹሉ ሕዝቢ ኣብቲ 04-10-2011 ( ብ10 ሚያዝያ 2011) ኣብ ኩለን ኣብያተ-ክርስቲያናት፡ ጸሎተ ፍትሓት ክግበር ጸውዒት ዝገበረ። ስለዚ’ውን ኩለን እተን ኣብ ትሕቲ ጽላል’ዚ ሃገረ ስብከት’ዚ ተጠርኒፈን ዝርከባ ኣብያተ- ክርስቲያናት፡ ኣብዚ ተጠቒሱ ዘሎ ዕለት፡ “መሓራ እግዚኦ ለነፍሳተ ኣግብርቲከ ወኣእማቲከ ኩሎሙ ክርስቶሳውያን”ብምባል፡ ብጸሎተ ፍትሓት ዘኪረንኦም ውዒለን።

ብዝተፈልየ እቲ ኣብ ቤተ-ክርስቲያን ደብረ-ግዕዛን መድኃኔ-ዓለም ኣትላንታ ዝተገብረ ጸሎተ ፍትሓት፡ ብናይ ሃገረ- ስብከት ሰሜን ኣሜሪካ ሊቀ-ጳጳስ ብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ ዝተመርሐ ስለዝነበረ፡ ብዙሓት ውሉደ-ክህነትን ማኅበር- ምእመናንን ተሳተፍቲ ኮይኖም ውዒሎም፡ ብብፁዕ ኣቦና ዝተመርሐ ቅዳሴ ምስ ተፈጸመ ከኣ፡ ጸሎተ ፍትሓት ቀጺሉ፡ ነቲ ኩነታት ክገልጽ ብዝኽእል ምሥጢር ድማ፡ “ወሥጋሆሙኒ ለጻድቃኒከ ለኣራዊተ-ገዳም፡ ወከዐዉ ደሞሙ ከመ ማይ ዐውዳ ለኢየሩሳሌም፡ ወኀጥኡ ዘይቀብሮሙ”( መዝ 78፡2 )ዝብል ስብከት ተሰቢኹ። እዚ ብትርጉም ክርእ ከሎ። ሬሳ ባሮትካ ንኣራዊት ሂቦም። ደሞም ድማ ኣብ ከባቢ ኢየሩሳሌም ኣፍሰሱዎ። ቀባሪ’ውን ኣይረኸቡን። ዝብል’ዩ፡ ካብዚ ብምቕጻል ብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ፡ ከምዚ ዝስዕብ ትሕዝቶ ዝነበሮ መልእኽቲ ኣስሚዮም።

## ክቡራን ሕዝበ-ክርስቲያን!

ሓዘንን ሓጐስን መጓዕዝቲ ስለዝኾኑ፡ ኣብ ጉዕዞ ሕይወትና ካባና ዝፍለዩ ኣይኮኑን፡ ስለዚ ሰብ ይውለድ ከምኡ ድማ ይመውት፡ እዚ ናይ ተፈጥሮ ሕጊ ስለዝኾነ፡ ካብኡ ርሒቕካ ክኸየድ ኣይከኣልን። ከምኡ ስለዝኾነ ድማ’ዩ ሕጂ 325 ዝኣኽሉ መንእሰያት ደቅና፡ መላሲ ኣውያት ዘይብሎም ባሕሪ ውሒጡዎም ዝብል መርድእ ዝሰማዕ ዘሎ። እዚ ከምዚ ዝበለ ዜና ሓድሽ ኣይኮነን፡ ኣብ ምድረ- በዳ ሃሊቖም፡ ኣብ ባሕሪ ጥሒሎም እናተባህለ ክንገር ጸኒሑ’ዩ። በዚ ዜናታት’ዚ ከኣ ልቡ ብሓዘን ቆሲሉ፡ ዘይበኸየን ዘይነብዐን ወላዲ ኣሎ ኣይበሃልን።

ሕዝቢ ኤርትራ ኣብቲ ምእንቲ ነጻነት ዝተገብረ ቃልሲ፡ ሕይወት ዝፈትዎም ደቁ ዝኸፈለ ሕዝቢ’ኳ እንተኾነ፡ ኣካብን ኣላይን ስለ ዝሰኣነ፡ኣብ ኣጻምእ በረኻታትን ቀላያትን ባሕርን ብኣሊፍ ይጠፍእ ኣሎ። ኣቐዲምና ከምዝበልናዮ ግን፡ ምእንቲ’ዛ ሃገር እዚኣ ክብልን ክቡር ዋጋ ዝኸፈለ ሕዝቢ ስለዝኾነ፡ እዚ ሕጂ ዝወርዶ ዘሎ ሓሳረ መከራ ክቕበል ጻምኡ ኣይነበረን። ስለዚ ድማ’የን እተን ትማሊ ኣብ ዘመነ መግዛእቲ ዝበኸያ ዝነበራ ኣዴታት፡ሕጅ’ውን ገና ካብ ንብዓት ከዕርፋ ምኽኣል ስኢነን ዘለዋ።

እቲ ዝሓለፈ ታሪኽና ከምዘረጋግጾ፡ ማርያም - ግምቢ፡ ቦታ ስቓይን ሞትን ከምዝነበረ ዝርሳዕ ኣይኮነን፡ ኣብ ግዜ መግዛእቲ ከምኡ እንተጋጠመ ኸኣ ዘገርም ኣይኮነን። ከመይሲ እቲ ነጻነት ከምኡ ዝበለ ክቡር ዋጋ ስለ ዝሓተት እዩ። ይኹን እምበር ሃገር ነጻ’ያ ኣብ ዝበሃለሉ ዘመን፡እቲ ግፍዕን ስቓይን ብተመሳሳሊ ኣገባብ ክቕጽል፡ ዝኾነ ወዲ ሃገር ዝጽበዮ ኣይነበረን።እቲ ናይ ትማሊ ናይ ዘመነ መግዛእቲ ጸሊም - ታሪኽ ሕጂ ክድገም ምርኣዩ ግን፡ ልቢ ብዙሓት ኣቑሲሉ ኣዒንቲ ብዙሓት’ውን የንብዕ ኣሎ። እዚ ኹሉ’ዚኸ ኣብ ምንቲ ምንታይ’ዩ እንተተባህለ፡ ብቐሊል መልሲ ዝርከቦ’ውን ኣይኮነን። ትዕቢት ዝወለዶ ጸገም’ዩ ክበሃል ግን ይከኣል። ግዳስ ገዛእ ሕዝብኻ ኣትሒትካን ንዒቕካን ምሓዝ ርሑቕ ዘየኽይድ ምዃኑ፡ ንዓታቶም ነዞም ሰብ ግዜ ክርድኦም ዝኽኣለ ኣይመስልን። ንሕና ግን ልቢ ይሃቦም ኢልና ምጽላይና ክንቕጽል ኢና።

ብሉይ ኪዳን ከምዝብሎ ነቢይ ናታን ኣብ ቅሉዕ መጋባእያ፡ ንንጉሥ ዳዊት ብዝገበሮ ኣበሳ ከምዝነቐፎ እቲ ቅዱስ- ጽሑፍ ይዛረብ፡ እቲ ንጉሥ ለባም ስለዝነበረ፡ ጌግኡ ክእመን ግዜ ኣይወሰደሉን። በዲለ ኢሉ ድማ፡ ኃጢኣቱ ክእመን ንርኢ፡ ብመንጽር’ዚ እቲ ኣባና ዘሎ ኩነታት ክርአ ከሎ፡ መኸርቲ ድዮም ተሳኢኖም? ወይሲ ዝሰምዕ’ዩ ዘየሎ? ዝብል ሕቶ ከልዕል ይኽእል’ዩ። ግዳስ ኣብዚ ዓዲ ለባማትን ወራዙትን ዝኾነ ሃገር፡ ዓገብ ዝብሉ ከበድቲ ሰባት ተሳኢኖም’ዮም ክንብል ምእማኑ ይኸብደና። ብርግጽ’ውን ብዙሕ ተፈቲኑን ተመኺሩን እዩ፡” እግዚኣብሔር ኣይፈልጥ ሕዝቢ እስራኤል ኣይለቅቕ” ምስ ዝብል ፈርዖናዊ ድርቅና ዝመሳሰል ትዕቢት ስለዝሓደሮም ግና፡ ምኽሪ ለባማት ክቕበሉ ኣይተዓደሉን’ ( ዘጸኣት 5-2 2ሳሙ- 12)

ብዝተረፈ ሕይወት መንእሰያት ደቅና’ኳ ብኣሊፍ ይጠፍእ ምህላዉ ዘብክየናን ዘሕዝነናን እንተኾነ፡ እቲ ደሞም ግን ንከንቱ ፈሲሱ ዝተርፍ ኣይኮነን።ከም ደም ኣቤል ሰማየ ሰማያት ዓሪጉ ነቶም ገፋዕቲ ክፋረዶም እዩ። ስለዚ’ውን እቲ ጸሊም ታሪኾም ደኣ’ዩ ዝተርፍ እምበር፡ ግፍዕን ገፋዕትንሲ ክሓልፉ እዮም። ርግጽ’ዩ ኣብዚ ሕጂ ዘሎ እዋን ብዛዕባ ሕዝቢ-ኤርትራ ክግደስ ዝደሊ ዘሎ መሲሉ ኣይርአን ዘሎ።ኅብረተ -ሰብ ዓለም’ውን ስቕ ኢሉ ተዓዛቢ ክኸውን’ዩ መሪጹ፡ ብስቓይ ሕዝቢ- ኤርትራ ክግደስ ዝደሊ ኣሎ ከኣ ኣይበሃልን። እግዚኣብሔር ግን ምሳና ስለዘሎ በይንና ኢና ኣይንብልን። ብርግጽ ድማ እግዚኣብሔር ምሳና ኣሎ። ገጹ መሊሱ ብምሕረቱ ከምዝዕረቐናን ይቕረ ከምዝብለናን ድማ ንኣምን ኢና።

ከምቲ እቲ ቅዱስ- ጽሑፍ “ ጸበባ ሕዝበይ ረኣኹ፡ ኣውያቶም’ውን ሰማዕኩ”ዝብሎ፡ጸበባን ኣውያትን ሕዝብና’ውን ብከንቱ ዝተርፍ ኣይኮነን። ከመይሲ እቲ “ንእግዚኣብሔር ኣይፈልጥ ንሕዝቢ እስራኤል ኣይለቅቕ” ብምባል ትዕግሥቲ’ቲ ሕያው ኣምላኽ ዝተፈታተነ ፈርዖን፡ ታሩኹ ኣበይ ከምዝወድአ ነዞም ናይ’ዚ ዘመን’ዚ ፈርዖናት ትምህርቲ ክኾኖም ምተገብአ ነበረ። ንሕና እንተኾነ ልቢ ይሃቦም ኢልና ንጽልየሎም እምበር ኣይንረግምን ኢና።

ብዝተረፈ ንብዓት ዝደርዝን ሓዘን ዝድብስን እግዚኣብሔር ስለ ዝኾነ፡ እንጽበዮ ረድኤት ካብ ሰማይ እምበር፡ ካብ ምድሪ ኣይኮነን። ስለዚ’ውን እቲ ሕጂ ኣብ ሕዝብና ወሪዱ ዝርአ ዘሎ ፈተና፡ ዝሓልፈሉ ግዜ ርሑቕ ኣይክኸውንን እዩ፡ ናብ እግዚኣብሔር ኣቢልና ክንጥምት ከምዝግበኣና ግን ክንርስዖ የብልናን፡ ከመይሲ ኣምላኽና ተጸዊዑ ዝምልስን ናይ ምሕረት ገጹ ዝመልስን ኣምላኽ እዩ፡ ስለዚ “በከመ ምሕረትከ ኣምላክነ

ናብ 6ይ ገጽ ይቕጽል

# ምንጻል ጥንሲ ብመንጽር እምነት ኦርቶዶክሳዊት ተዋህዶ ቤ/ክርስትያንን ዓለማዊ ኣተሓሳስባን።

ማሕበራዊ ህይወት

ብመምህር/ተኽለ ተስፉ

ምንጻል ጥንሲ ምስ ፖለቲካዊ፡ማሕበራዊን ባህላዊን ጉዳያት ዝተኣሳሰር ስለ ዝኾነ ድንግርግር ዝበለን ዝተሓላለኸን ኢዩ። ብዛዕባ ምንጻል ጥንሲ ብዓለማዊ ኣተሓሳስባ ብብዙሓት ሓኪይም፣ናይ ስነ-ህይወትን ናይ ስነ-ፍልጠትን ሊቃውንቲ ዝተፈላለየ ኣረኣእያን ትንተናን ዝወሃብ’ኳ እንተኾነ ኣብዚ ናይ ሎሚ ዝመሓላለፍ መልእኽቲ ግን ምንጻል ጥንሲ ብመንጽር እምነት ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤተ ክርስትያን ዘተኮረን ዘብርህን ኪኸውን’ዩ።

ንኹሉ ርዱእ ከም ዝኾነ፣ህዝቢ ዓለምና ኣብ ምንጻል ጥንሲ ዘለዎ ኣርኣእያ ኣብ ክልተ ዓበይቲ ሓሳባት ተኸፊሉ ይረአ። ንሱ
ከኣ

ሀ. ነታ ኣይትቕተል እትብል ኣምላኻዊ ትእዛዝ ብመንፈሳዊ ዓይኒ ዝድግፉ( Pro-Life)

ለ. ካብ እምነት ክርስትና ወጻኢ ብዝኾነ ኣተሓሳስባ፣ምንጻል ጥንሲ ካብቲ ዝውቱር ዝኾነ ብሕጊ ዝወሃብ መከላኸሊ ጥንሲ

ብዘይፍለ ደቂ ኣንስትዮ ነቲ ጥንሲ ክንጽለኦ ምርጫኤን ኪኸውን ከም ዘለዎ ዝጣበቕ ኢዩ( Pro-Choice)

ምንጻል ጥንሲ ኣብ ሕብረተ-ሰብና ብስቱር ስለ ዝፍጸም፣ኣብ ናይ ዓለም መራኸቢታት ብኢንተርነት ይኹን ካልእ ናይ ሓበሬታ መርበባት ስለ ዘይዝርጋሕ ኣብ ዓመት ክንደይ ዕሸላት ብምንጻል ጥንሲ ከም ዚጠፍኡ ኪፍለጥ ኣይከኣልን’ዩ።

ምንጻል ጥንሲ ግን ብሕጊ ኤርትራ ገበን ኢዩ።ኣብቶም ነዚ ጥሒሶም ምንጻል ጥንሲ ዝፈጸሙ ሰባት እንታይ መቕጻዕቲ ከም ዝወሃብ ግን ኣይፈልጥን ኢየ።ኣብተን ኣዚየን ዝማዕበላን ሓያላትን ሃገራት ከም በዓል ሕ.መ ኣሜሪካን ቻይናን ግና ምናልባት ብድሌት እቶም ሰብ ጉዳይ ኪኸውን ይኽእል ብግሉጽ ብሕክምና ስለዝፍጸም ምስጢር ዝበል ነገር የልቦን፣ኣብ ስታቲስቲክስ ናይ ዓመታዊ ኣሃዛዊ ጭብጥታት ከም ዝሕብሮ፣

ሀ. ኣብ ሕ.መ.ኣሜሪካ ካብ 300 ሚልዮን ህዝባ ኣብ ዓመት ብህይወት ዝውለዱ ብገምጋም 4 ሚልዮን ኪኾኑ ከለዉ፣

ብምንጻል ጥንሲ ኣብ ዓመት ዝጠፍኡ ዕሸላት ድማ 1.2 ሚልዮን ኢዮም።

ለ. ኣብ ቻይና ካብ 1.3 ቢልዮን ህዝባ ኣብ ዓመት ብህይወት ዝውለዱ ኣከባቢ 20 ሚልዮን ክኾኑ ከለዉ፣ብምንጻል ጥንሲ

ዝሓቁ ዕሸላት ድማ 13 ሚልዮን ኢዮም።

ነዚ ከም ኣብነት ዘቕረብኩሉ ምኽንያት እዞም ከም ዘይፍጡራት ከም ዘይሰብ ተቖጺሮም ብዕሽሎም ዝቕንጸሉ ዘለዉ ሕጻናት ብዓይኒ ኣምላኽ ግን ፍጡራቱ ስለ ዝኾኑ ክንደይ ቁጠዐ ከሕድረሉ ከም ዝኽእል ንምግላጽ’ዩ።

ካብዚ ዝተጠቕሰ ኣብነት፡ ኣሜሪካን ቻይናን ኣብ ምንጻል ጥንሲ ዘብጽሐን ዘሎ ኩነታት፣ናይ ገዛእ ርእሶም ምኽንያታትን ኣተሓሳስባን ከም ዝህልዎም ርዱእ ኢዩ።

ንሕና’ኸ ምስቲ ዘሎና ውሑድ ቁጽሪ ህዝቢ፡እቲ ናብ ምንጻል ጥንሲ ዘብጽሕ ዘሎ ጠንቂን ኩነታትን እንታይ’ዩ?

እምበኣር እቲ ኣብ ምንጻል ጥንሲ ዘብጽሕ ዘሎ ኩነታትን ዝወሃብ ምኽንያታትን፣ብዙሕ’ኳ እንተኾነ፣መብዝሕትኡ ግዜ እቲ ከም ጠንቂ ክጥቀስ ዝከኣል እቲ ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ ብዝፍጸም ጾታዊ ርክብ ዘጋጥም ጥንሲ ኢዩ።እዚ ከኣ ዝሙት ኮይኑ፡ እታ ኣይትዘሙ እትብል ኣምላኻዊ ትእዛዝ ዘጸ/20፡14, ማር/10፡19 ብምጥሓስ ዝፍጸም ኢዩ። ከም ኣብነት ክልተ መንእሰያት ወድን ጓልን ብዘይ ሕጋዊ መንገዲ፡ብዘይ መጻኢ መደብ ርክብ ፈጺሞም ጥንሲ ምስ ዘጋጥም፡ሰብ ከይሰምዕ፣ወለዶም ከይፈልጡ ብስዉር እቲ ጥንሲ ከም ዝንጸል ይገብሩ።ጥንሲ ምንጻል ከኣ ሰብ ምቕታል ስለ ዝኾነ፣እታ ኣይትቕተል እትብል ትእዛዝ ኣምላኽ ዘጸ/20፡13 ይጥሕሱ ኣለዉ።እምበኣር ኣብዚ ንናይ ወለዲን ቤተ ክርስትያንን ድኽመት ከነስተብህለሉ ዝግበኣና እዞም መንእሰያት’ዚኦም ካብ ሕጻንነቶም ጀሚርና መሰረት እምነቶምን ፍርሓት እግዚኣብሔርን ንኽህልዎም፣ነተን ትእዛዛት ከም ዝፈልጡወን እንተንንገብር፣ ከምኡ’ውን ነታ ክኸዱላ ዚግበኦም ቅንዕቲ መንገዲ እንተ ነላምዶም ንምሉእ ህይወቶም ካብኣ ከልግሱ ኣይምኸኣሉን ምሳ/22፡6።ነተን ትእዛዛት ከይጥሕሱ ፍርሓት ኣምላኽ ክሓድሮም ምኸኣለ።እታ ዝሙት ምስ ተፈጸመት’ውን ሰብ ከይሰምዕ ወለደይ ከይፈልጡ ብማለት ኣብ ክንዲ ነቲ ዕሸል ብሞት ዝፈርድዎ፡ነቲ ዘጋጠመ ናይ ጥንሲ ኩነታት እቶም መንእሰያት ርግእ ኢሎም ንወለዶም ከይሓፈሩን ከይፈርሑን ብግልጺ እንተ ዘረድኡ እቲ ብኣምሳል ኣምላኽ ዝተደኮነ ሕጻን ንኽንጸል ኣይምተፈርዶን።እዚ ከም ኣብነት ዘቕረብኩዎ ናይ ክልተ መንእሰያት ኣብ ዓበይቲ ወለዲ፣ማለት ኣብ ሕጋውያን ሰብ ሓዳር ከይተርፈ’ውን ዘጋጥም ኩነታት ኢዩ። ሰብኣይን ሰበይትን ብዘይ ሓሰብዎን ብዘይ መደቦምን፣ ጥንሲ ምስ ዘጋጥም፡ንምንጻሉ ዝቐርብ ምኽንያታት፡እቲ ሕጻን ምስ ዝውለድ ኪጋጥሞም ዝኽእል ናይ ኣተዓባብይኡ ናይ ፋይናንሲያዊ ዓቕሚ ጉዳይ ኢዩ።እዚ ውሳኔ’ዚ ግን እቲ ብቀዳምነት ኪሰራዕን ግምት ኪወሃቦን ኪኽበርን ዘለዎ ኣይትቕተል ዝብል ትእዛዝ ኣምላኽ ኣብ ግምት ከየእተዉ ኢዩ።

ከምቲ ዝቐርብ ምኽንያት ኣብ ምንጻል ናይቲ ሕጻን ዘብጽሖ ዘሎ ናይ ፋይናንሲያዊ ዓቕሚ እንተድኣ ኮይኑ በቶም ሓቀኛ ኣመንቲ ክርስቶስ ተቐባልነት የብሉን። ምኽንያቱ ክርስቶስ ባዕሉ “ንሕይወትኩም ብእትበልዕዎን እትሰትዩዎን ወይ ንሰብነትኩም ብእትኸደንዎን ኣይትጨነቑ፡ እብለኩም ኣሎኹ።ሕይወት ካብ መብልዕ፣ሰብነት ከኣ ካብ ክዳንዶ ኣይበልጽን ኢዩ? ብማለት ይትረፍ ንዓና ንደቂ ሰባት ብኣምሳሉ ዝተፈጠርና ንኣዕዋፍ ሰማይ ከይተረፈ ከም ዝቕልበን ኢዩ ዝነግረና።ማቴ/6፡25-26

እምበኣር ንኹሉ ኣማኒ ኦርቶዶክስ ተዋህዶ ቤ/ክ ብፍላይ ድማ ንመንእሰያት ክላበዎ ዝደሊ think before you leap “ቅድሚ ምዝላልካ/ኪ ሕሰብ/ቢ” ዝብል ምሳሌ ኣበው’ዩ። ቅድሚ ምዝላልኩም ናበይ ትዘሉ ከም ዘለኹም እንተ ዘይሓሲብኩምን ነቲ መዝለሊኹም ባይታ እንተ ዘይርኢኹምን ናብ ገደል ወይ ጸድፊ ናይ ምዝላል ተኽእሎ ከም ዘሎ ምስትብሃል የድሊ። ምኽንያቱ ብዙሓት መንእሰያት ናይ መጻኢ ህይወቶም ኣርሒቖም ከይሓሰቡ ብድፍኢት ግዝያዊ ስምዒት ንህይወቶም ኣብ ሓደጋ ዘውድቕ፣ንወለዶም ዘጉሂ፣ካብ ትምህርቶም ዘተኣጓጉል ስጉምቲ ክወስዱ ይረኤ ኢዩ።

ብፍላይ እቶም ኣብ ናይ ትምህርቲ ዓለም ዘለዉ መንእሰያት ዓቕሞም ከፍልጦምን ከሰጉሞምን ዘኽእሎም ሓሳብ ኪሓስቡን ብመደብ ኪብገሱን ኪሰርሑን ኣለዎም። ሓደ ሰብ ኣብ ኣእምሮኡ ዝሓሰቦ ኩሉ፣ውጽኢት ናይ እምነቱ ፣ማለት ኪኸውን ኣለዎ ኢሉ ዝኣምነሉ ነገር ስለዝኾነ፣እምነታተይ ኣብ ህይወተይን ፍጻሜታተይን ርትዓውያን ዲዮም ኢሉ ኪሓስብ ኣለዎ።

እምበኣር ኣብዞም ዝተጠቕሱ ናይ ዝሙትን ምንጻል ጥንስን (ምቕታል ዕሸልን) ፍጻሜታት፣ሓሳባት ናይቶም መንእሰያት ብናይ ዝሙት ግዜያዊ ስምዒት ተደሪኾም ሚዛኖም ኪስሕቱን ኪትግበር ዘይግበኦን ኣመለኻኽታ ህይወት ኪህቡ ስለዚኽእሉ፣ኩሉ ግዜ ሓሳባቶም ኣብ መጻኢ ህይወቶም ውድዓዊ ኣመለኻኽታ ከም ዝህልዎም ምግባር ዝሕግዙ ኪኾኑ ኣለዎም።ምኽንያቱ ብመንፈስ ዝምራሕ ቅኑዕ ኣተሓሳስባ ኣብ መጻኢ ህይወት ደቂ ሰባት ብመንፈሳዊ ይኹን ዓለማዊ ኣዚዩ ኣገዳሲ መሳርሒ ኢዩ። ክህልወና ዚኽእል ዓይነት ህይወት እምበኣር ውጽኢት ናይ ኣተሓሳስባና ስለዝኾነ፣ሓሳባትናን እምነትናን ክርስቶስ ዘማእከለ ብመንፈስ ቅዱስ ዝምራሕ፣ብሩህ መጻኢ ዘነጽር ኪኸውን ይግባእ።

ኣብ መእተዊ ጽሑፈይ ካብተን ኣቐዲመ ዝጠቐስኩዋ ንምንጻል ጥንሲ ኣጥቢቓ እትቃወም ኮይና

ሰለስተ ትእዛዛት ኣምላኽ እተጣቓልል ኢያ።ንሳተን ከኣ

ሀ.”ፍረዩን ተባዝሑን ንምድሪ ከኣ ምልእዋን ምለኹዋን”

ለ. ኣይትዘሙ

ሐ. ኣይትቕተል ዝብላ ኮይነን፡ብጥቕስታት ካብ መጽሓፍ ቅዱስ ብከምዚ ዝስዕብ ከብርሀን እደሊ።

1. ምንጻል ጥንሲ ነቲ “ኣምላኽ ብመልክዑ ሰብ ፈጠረ፡ብመልክዕ ኣምላኽ ፈጠሮ፡ተባዕታይን ኣንስተይትን ጌሩ ፈጠሮም “ፍረዩን ተባዝሑን ንምድሪ ከኣ ምልእዋን ምለኽዋን እናበለ ባረኾም” ዘፍ/1፡27-28 ዝብል ኣምላኻዊ ትእዛዝ ብምጥሓስ ትፍጸም ስለ ዘላ፣ብፍላይ ኣብ ሕብረተ-ሰብና ከምዚ ተግባር’ዚ ክፍጸም ከሎ፡ነቲ ውሑድ ቁጽሪ ህዝብና ከም ዘይስስን ዝገብር ኢዩ።
2. “ኣይትዘሙ ከም ዝተባህለ ሰሚዕኩም ኣሎኹም፣ኣነ ግና ንጓል ኣንስተይቲ ርእዩ ዝትምነያ ኩሉ፡ብልቡ ፈጺሙ ኣብኣ ዘመወ እብለኩም ኣሎኹ”ማቴ/5፡27-28። እዚ ጎይታናን መድሓኒናን ኢየሱስ ክርስቶስ ባዕሉ ዝተዛረቦ ኪኸውን ከሎ፣ነዚ ትእዛዝ’ዚ ብምጥሓስ ብዝፍጸም ዝሙት’ዩ ኣብ ናይ ጥንሲ ምንጻል ዘብጽሕ ዘሎ።

ነዛ ኣይትቕተል እትብል ቃል ክጥቀም ከለኹ እቶም ምንጻል ጥንሲ ዝፍጽሙ ዘለዉ ሰባት ሰብ ከም ዘይቀተሉ ኮይኑ ይስመዖም ይኸውን፣እቲ ኣብ ማህጸን ወላዲቱ ዘሎ ዕሸል ግን ካብታ ናይ ሰብኣይ ዘርኢ ምስ ናይ ጓል ኣንስተይቲ ተራኺቡ ምስ ፈረየ ኤምብርዮ( embryo) ሓደ ዋህዮ ( cell ) ምስ ተፈጥረ ህይወት ዘለዎ ሰብ ኮይኑ ማለት ኢዩ።ካብዚ ግዜ’ዚ ጀሚሩ ከኣ ኩሉ’ቲ ስነ-ጂን ወይ ስነ-ውርሻ ዝበሃልን ካልኦት ሕዋሳትን እናማዕበሉ ይኸዱ።

ስለዚ ምንጻል ጥንሲ ብዘየማትእ ሓቂ ሰብ ምቕታል ኢዩ።

3. ኣይትቕተል “ ነቶም ቀዳሞት ዝቐተለ ኪፍረዶ ኢዩ እሞ፡ኣይትቕተል ከም ዝተባህሎም ሰሚዕኩም ኣሎኹም። ኣነ ግና ንሓዉ ዜቖጥዕ ዘበለ ኩሉ ኪፍረዶ ኢዩ፡ንሓዉ ጨርቃም ዚብሎ ድማ ኣብ መጋባእያ ኪፍረዶ ኢዩ፡ኣታ ዓሻ ዚብሎ’ውን ንገሃነም እሳት ኪፍረዶ ኢዩ” ማቴ/5፡21-22

4. *“ነቲ ህይወት ዘለዎ ደምኩም* ዘፍስስ ኣነ ክፍደዮ ኢየ።ንነብሲ ሰብ ድማ ካብ ኢድ ሰብ ካብ ኢድ ሓዉ ክፍደያ ኢየ።እቲ ደም ሰብ ዘፍስስ ደሙ ብሰብ ኪፈስስ ኢዩ።ከመይ ኣምላኽ ንሰብ ብመልክዑ ኢዩ ፈጢሩዎ” ዘፍ/9፡5-6

5. “ከም ጸባ ካብ ኣቦይ ሓለብካኒ፣ከም ርግኦ ከኣ ኣብ ማሕጸን ኣደይ ኣርጋካኒ፣ቆርበትን ስጋን ኣልበስካኒ፣ብዓጽምን ጅማትን ቀወድካኒ፣ህይወት ሃብካኒ፣ፍቕርኻ ድማ ኣርኣኻኒ፣ ምክንኻንካ ብህይወት ኣንበረኒ” ኢዮብ/10፡10-12 ።ኣብዚ ጥቕሲ’ዚ ኢዮብ ጻድቕ ዝሃቦ ምስክርነት፣ልዑል ኣምላኽ ካብ ማሕጸን ጀሚሩ ንኣፈጣጥራና ብፍሉይ መስርሕ ከም እንሓልፍ ብምግባር፣ፍቕሩ እናኣርኣየን እናተኻናኸነን ብህይወት ከም እንነብር ዝገብር ፈቃር ኣቦ ከም ዘሎና ኢዩ ዝሕብረና።እሞ ከምዚ ዝገብር ርህሩህ ኣቦ ንዓናን ነቶም ዕሸላትን ከም ዘሎና ብዘይ ምፍላጥና ዲና ነዞም ሕጻናት ብሞት እንፈርዶም ዘሎና?

ናብ 6ይ ገጽ ይቕጽል......

ካብ 1ይ ገጽ 1ይ ዓምዲ ዝቀጸለ።

ፓትርያርክ ኣግሊስካ፡ ሓደ ጭዋ መራሕ ቤተ-ክርስቲያን ጌርካ ካብ ምሻም ዝዓቢ ግህሰት ሃይማኖት ከኣ የልቦን። ነዚ ዘይሓላፍነታዊ ውሳኔ ተቓውሞ ዝገበሩ ውሉደ-ክህነት’ውን፡ ተነጽሎ፣ መስጐጕትን ማእሰርትን ክበጽሖም ጸኒሑ እዩ። ኣብዚ እዋን’ዚ’ውን እንተ ኾነ፡ ፓትርያርክ እንጦንዮስ፣ ቀሺ ገብረመድኅን ገብረጊዮርጊስ፣ ቀሺ ተኽለኣብ መግሥተኣብ፣ ቀሺ ፍጹም ገብረንጉሥን መሪጌታ ይትባረኽ በርሀን፡ ካብ ዝሓለፈ ሽዱሽተ ዓመት ጀሚሮም ተመቒሖም ዝርከቡ ዘሎዉ እዮም።

እምበኣር’ስከ፡ ብኣጠቓላሊ ክርአ ከሎ፡ እቲ ሕጂ ኣብ ቤተ-ክርስቲያንና ዝረአ ዘሎ ምስሊ ነዚ’ዩ ዝመስል። እዚ ኸኣ፡ ፍጹም ዕንወት ኢልካ ክግለጽ እንተ ዘይኳይኑ፡ ብእወታ ክግለጽ ዝኽእል ሥራሕ ተሠሪሑ ኢልካ ክግለጽ ዝከኣል ኣይኮነን። ካብ ብሓደ ተራ ጭዋ ዝምራሕ ሲኖዶስ’ከ፡ እንታይ ሠናይ ነገር ኪርከብ ይከኣል፧ ብመሠረቱ’ውን፡ ኣብ’ዚ ዘሎናዮ እዋን፡ ሕዝቢ-ተዋሕዶ “ይደልዎ” ኢሉ “ኣብ ሥልጣን ዘቐመጦ ፓትርያርክ ኮነ ሲኖዶስ ኣሎ ክበሃል ኣዪከኣልን። ከምኡ ስለ ዝኾነ እዩ’ውን፡ ብሥልጣን ኣብ ወወልድ ወመንፈስ-ቅዱስ” ከም ዝውገዝ ተጌሩ ዘሎ። እሞ’ኸ ደኣ፡ እቲ ደምበ-ተዋሕዶና ክሳብ መዓስ’ዩ ነዚ ሕጊ ሃይማኖትን ቀኖና ኣቦታትን ረጊጹ ዝኸይድ ዘሎ ጒጅለ መለካውያን ተጻዊሩዎ ክኸይድ ዝደሊ፧

ብዝተረፈ፡ ኣብ ዝኾነ እዋን ትዕግስቲ ምግባር ዝምረጽ’ኳ እንተኾነ፡ ንህልውናኻ ናብ ሓደጋ ዘእቱ መጥቃዕቲ እናተፈጸመካ ከሎ፡ ደፊኣም መቓብር ክሳብ ዘእትዉኻ ኪትዕገስ ኣሎካ ማለት ግን፡ ኣይኰነን።ብሕይወት ኣሎኹ ንምባል፡ ድምጽኻ እንተ ዘይኣስሚዕካ ግና፡ ዓይንኻ እናረኣየን እዝንኻ እናሰምዐን ምቕባር’ውን ኣሎ። እዚ ኵነታት’ዚ ኸኣ፡ ኣብ ቤተ-ክርስቲያን ኣይተፈጸመን ክንብል ኣይንኽእልን። እዚ ኹሉ ግህሰት-ሃይማኖት እናተፈጸመ ከሎ ግን፡ ብኣና ብወገን ኣመንቲ ዘስማዕናዮ ድምጺ ተቓውሞ ኣሎ ኣዪብሃልን። እዚ ኸኣ ንመንነትና ኣብ ዘገምት ከቢድ ትዕዝብቲ ኣየእተወናን ክንብል ኣይንኽእልን። እናሞትካ ስቕ ምባል ድማ፡ የዋርድ እምበር፡ ክብሪ ዘውህብ ኣይኰነን።

ብኣንጻሩ ግን ንሕና ኣፍና ከይከፈትና፡ ካልኦት ኣብ ስግር-ባሕሪ ዘሎዉ፡ ስለ’ቲ ኣብ’ቲ ቅዱስ ሃይማኖትና ዝፍጸም ዘሎ ግፍዒ፡ ድምጺ ተቓውሞ ኣስሚዖም’ዮም። ብዝተፈልየ፡ ኅብረት ኣብያተ-ክርስቲያናት ኦርቶዶክስ ምሥራቕ፡ ነቲ ዮፍታሔ ዲሜጥሮስ ዝመርሖ ዘሎ ሲኖዶስን፡ ነቶም ንሱ ኣብ መንበር ዘቀመጦም ኣባ ዲዮስቆሮስን፡ ሕጋውያን ወከልቲ ቤተ-ክርስቲያን ኢሉ ከምዘይቅበሎም፡ ብወግዒ መግለጺ ኣውጺኡ እዩ። ክሳብ መወዳእታ’ውን፡ ካብ ኣሥመራ ወጻኢ ኣፍልጦ ክረክብ ይኽእሉ’ዮ ኢልካ ኪሕሰብ ኣይከኣልን።

ይኹን’ምበር እቶም ኣብ ኣሥመራ ዘለዉ ጒጅለ-መለካውያን፡ በቲ ወጻኢ ዓለም ኣፍልጦ ክረኽቡ ዘይምኽኣሎም’ኳ ንቤተክርስቲያን ዓብይ ዓወት እንተኾነ፡ መሓውር ቤተ-ክርስቲያን ግን ከምዘይንቀሳቐስ ኴይኑ ተቐዪዱ ከምዘሎ ክንዝንግዖ የልብልናን። እዚ ማለት ከኣ፡ እቲ ደምበ ተዋሕዶና ብዘይ ገለ ምዕባሌን ለውጥን፡ ንዕስራ-ዓመት መመላእታ ደው ኢሉ ይርከብ ኣሎ ማለት’ዩ። ካብ’ዚ ዝመርር ካልእ መርድእ ኪንገረና ኸኣ ኣይክእልን’ዩ። ብኻልእ ኣዘራርባ፡ መሪር ናይ ርድኡኒ ኣውያት ይንገረና’ሎ ማለት እዩ። ከመይ’ሲ፡ ዕስራ-ዓመት መመላእታ ኣብ ዘሎኻዮ ደው ኢልካ ምትራፍ እኮ፡ ብሕይወት ምንባር ዘሎካ ዕድል ኣብቂዑ፡ ንኺትመውት ትሰሓግ ከምዘሎኻ’ዩ ዘስምዕ። ስለ’ዚ’ውን እቲ ቃልሲ ዝሓተተ ዋጋ ይሕተት ብዘየገድስ፡ እቶም ንረብሓ ቤተ-ክርስቲያን ዘይውከሉ መለካውያን-ጳጳሳት ኢዶም ኣልዒሎም ክሳብ ዝወፁ፡ ምእንቲ ድኅነት እቲ ቅዱስ ሃይማኖትና ክበሃል ኹሉ ዓይነት ጻዕሪ ኪግበር ኣሎዎ። ብዝተፈልየ፡ ጋዜጣ ፍኖተ-ብርሃንን እቲ ብሃገረ ስብከት ሰሜን-ኣሜሪካ ዝውነን መርበብ -ሓበሬታን፡ ነዚ ኣብ’ዚ እዋን’ዚ ኣብ ቤተ-ክርስቲያን ዘሎ ህልው ኵነታት ኣብ ምቅላዕ፡ ዝከኣል ዘበለ ኹሉ ኪገብሩ ታሪኻዊ ሓላፍነት ኣሎዎም።

ብዝተረፈ፡ ኣንጻር’ቲ ብዮፍታሔ ዲሜጥሮስ ዝምራሕ ዘሎ ጒጅለ-ጳጳሳት ተቓውሞና ነሐይል’ኳ እንተተባህለ፡ ሓደ ዝተወደበን ዝተጠርነፈን ኣካል ከይተታሕዘ ዝግበር ጻዕሪ ዘየዐውት ክኸውን ይኽእል’ዩ። ይኹን’ምበር፡ እቲ ብደቂቀ-እንጦንዮስ ዝፍለጥ፡ ኣብ ሰሜን-ኣሜሪካ ዝርከብ ሃገረ-ስብከት፡ ሕጋዊ ተጸዋዒ ምዃኑ፡ ብጒባኤ ኅብረት ኣብያተ-ክርስቲያን ምሥራቕ፡ ተቐባልነት ከም ዝረኸበ ወይ ኣፍልጦ ከም ዝተዋህበ ዝፍለጥ እዩ። ስለ’ዚ፡ እዚ ሃገረ-ስብከት’ዚ፡ ታሪኽ ብዘሰከሞ ሓላፍነት፡ ጠርናፍን ቀላስን ኴይኑ ንኸይርከብ ዝኽልክሎ ምኽንያት ዘሎ ኣይመስለናን።

ስለ ዝኾነ’ውን፡ እቲ ኣብ ቤተ-ክርስቲያን ዘሎ ህልው ኵነታት ኣብ ግምት ብምእታው፡ ቀዳምነት ሂብካ ክሥርሓሎም ዝግባእ ኣገደስቲ ጉዳያት ምህላዎም ብልቦና ኪጥመቱ ይግባእ። እዚ ማለት ድማ፡ ኣብ መበል 21-ሚእቲ ክፍለ-ዘመን ከም ምህላውና መጠን፡ ብኹሉ መዐቀኒ ምሉእ ብቕዓት ዘሎዎ ውሉደ-ክህነት ኪህልወና ስለ ዘድሊ፡ ኩሉ ጠመተና ናብ’ዚ ኣርእስቲ’ዚ ኣቢልና ክንገብር፡ ዘሎናዮ ህልው ኵነታት ይግድደና እዩ። ነዚ ሓሳብ’ዚ ኣብ ምትግባር እምበኣር፡ ካብ ሃገረ-ስብከት ሰሜን-ኣሜሪካ ንላዕሊ ዝምልከቶ ካልእ ኣካል ኣሎ ክንብል ኣይንክእልን። ብብቕዓት ዝተማህረን ዝሠልጠነን ዘመናዊ ውሉደ-ክህነት ኣብ ምፍራይ ዝጠመተ ተበግሶ ክወስድ፡ ትጽቢት ምሉእ ደምበ-ተዋሕዶና እዩ ኪበሃል ይከኣል።

ደምበ-ተዋሕዶና ኣብ ኢድ ሓላፍነት ዘይስመዖም መለካውያን ወዲቑ ይርከብ ብምህላዉ’ዶ ኣይኮነን፡ ዋና ከምዘይብሉ ቤት፡ መናፍቓን ዝዕንድሩሉ ሜዳ ኴይኑ ዝርአ ዘሎ። ብሰንኪ’ዚ ኣድራሻ ለዊጦም ዝኸዱ ወይ ዝውሰዱ ዘሎዉ መንእሰያት’ሲ መዓስ ውሑዳት ኴይኖም። እዚ ኹሉ

ሃይማኖታዊ-ወራር እናተኻየደ ከሎ፡ እቲ መለካዊ ዝኾነ ጒጅለ-ጳጳሳት፡ ካብ’ቲ ደቂሱዎ ዘሎ ጥዑም ድቃስ ክበራበር ዘይምኽኣሉ፡ ታሪኽ እናተዛረበሉ ክነብር ዘሎዎ ኣዚዩ ዘገርም ፍጻሜ እዩ። ካብኡ ዝተረፈ፡ እዚ ፍጻሜ’ዚ፡ ኣብ ጊዜኡ ስለ ዘይነቓሕናሉ፡ ሓደ ምሉእ ወለዶ ከም እንኽስር ጌሩና’ዩ ክበሃል ይከኣል። ነዚ ከም’ዚ ዘኣመሰለ ፍጻሜ ክገልጽ ኸኣ’ዩ ጐይታና ኣብ ወንጌሉ “…… በዓል ዓስቢ ግና፡ እተን ኣባጊዕ ዘይጥሪቱ ስለ ዝኾና፡ ተኹላ ክመጽእ ከሎ ሓዲጉወን’ዩ ዝሃድም ……” ዝበሎ። (ዮሓ. 10፡12)

ብዝተረፈ እዚ ሕጂ ዘሎ ህልው ኵነታት’ኳ “ዕንወት” ኢልካ ክግለጽ ዝግብኦ ኣንተኾነ፡ ልዕሊ ኹሉ ከተሓሳስበና ዘሎዎ ግን፡ ብዛዕባ ጽባሕ እዩ። ከመይ’ሲ፡ ተጻዊኑና ዘሎ ጸልማት ለይቲ ምስ ወገሐ፡ ኣብ መንበረ-ፓትርያሪርክ ንሕጊ ዝግዛእን፡ ክብደት ሓላፍነት ዝርዳእን ጥጡሕ ማእከልነት ከም ዝቕመጥ ከይተገብረ፡ እቲ ዝጸንሐ ጸገም ተፈቲሑ’ዩ ማለት ኣይኮነን። ስለ’ዚ’ውን፡ እቲ ብደቂቀ-እንጦንዮስ ዝፍለጥ ሃገረ-ስብከት፡ ዘድሊ ዘበለ ኹሉ ኪገብር፡ ንዕኡ ንበይኑ ዝምልከት ሓላፍነት ምዃኑ ይርድኦ’ዩ ዝብል ተስፋ ኣሎና። ስለ ዝኾነ’ውን፡ ነቲ ዮፍታሔ መተካእታ ፓትርያርክ ኮይኑ ንኽሠርሕ ብዘኽእል ኣገባብ ዝተቐየረ ሕጊ ቤተ-ክርስቲያን፡ ከም’ቲ ኪኾኖ ዝግብኦ ኮንኑ፡ ተኣሪሙ ንኺጸሓፍ፡ ንጽባሕ ዘይበሃል ዕማም ምዃኑ ሃገረ-ስብከት ሰሜን-ኣሜሪካ ክርድኦ ተስፋና እዩ።

…….ካብ 5ይ ገጽ ዝቐጸለ

ምንጻል ጥንሲ

6. እግዚኣብሐር “ ኣብ ከርሲ ኣዴኻ ከይሃነጽኩኻ ሓሬኹኻ፣ከይተወለድካ ከኣ ቀደስኩኻ፣ንኣህዛብ ነቢዩ ክትከውን ድማ መደብኩኻ” ኤር/1፡4-5 ሕጻናት ኣብ ከርሲ ኣዲኦም ከለዉ ከም ዝቕደሱን ክሳብ ነብዩ ናይ ምዃን ብኣምላኽ መደብ ከም ዝግበረሎም ካብ ፈለጥና ንኽውለዱን ክዓብዩን ከነተባብዕ ይግብኣና።

7. “እቲ ኣብ ከርሲ ወላዲተይ ዝሃነጸኒ ሓደ ኣምላኽ ኢዩ”ኢዮብ/31፡15 ኢዮብ ጻድቕን ብርቱዕ ኣማኒን ኣምላኽ፣ ኣብ ከርሲ ወላዲቱ ኣምላኽ ከም ዝሃነጾ ምስክርነቱ ዚህብ ዘሎ፣እቲ ከም ኣብነት ናይ ጽኑዕ እምነትን መጻናንዕን ዝኾነና ብባርያ እግዚኣብሔር ዝፍለጥ’ዩ።

8. “ካብ ማህጸን ወላዲተይ ብድሓን ክውለድ ዝገበርካኒ፣ሕጻን ከሎኹ ከኣ ዝሓሎኻኒ ንስኻ ኢኻ” ካብ ማሕጸን ኣደይ ጀሚርካ ከኣ ንስኻ ኣምላኸይ ኮንካ መዝ/22፡9-10 እዚ ጥቕሲ’ዚ ከረድኣና ዚኽእል ኣምላኽ ነቶም ኣብ ከርሲ ኣዲኦም ዘለዉ ዕሸላት ብተነጽሎ ዝጥፍኡ ዘለዉ’ውን ኣምላኾም ከም ዝኾነ ኢዩ።

9. “ንኹለንተናይ ንስኻ ፈጢርካዮ፡ኣብ ማህጸን ወላዲተይ ኣለምካኒ፡ኣዕጽምተይ ምስ ተፈጥራ ኣብ ማህጸን ኣደይ ከኣ ብጥንቃቐ ምስ ተሰርዓ ኣብኡ ብሕቡእ ኪዓቢ ከለኹ ኣብኡ ከም ዘለኹ ረኣኻኒ፣ኣዒንትኻ ድቂ ከለኹ ረኣያኒ መዝ/139፡13-16

ዳዊት እዚ ምስክርነት’ዚ ኪህብ ከሎ እዞም ንሕና ከም ሰብ ዘይንቖጽሮምን ብሸለልትነት ንሞት እንፈርዶምን ሕጻናት ብኣምላኽ ኣትኹሮ ተገይሩሎም ከም ሰብ ተቖጺሮም ኣዒንቲ ኣምላኽ ከም ዝሪኣኦም ኢዩ ዝሕብረና።

10. “ዝፈጠርኩኻ እግዚኣብሔር ኣነ ኢየ፣ ካብ ማህጸን ጀሚረ ዝደኮንኩኻን ዝደገፍኩኻን ኣነ ኢየ፡ባርያይ ስለ ዝኾንካ ኣይትፍራሕ ዝሓሬኹኻን ዝፈትወካን ህዝበይ ስለ ዝኾንካ ኣይትሰንብድ”ኢሳ/44፡2 ንሕጻናት እምበኣር ኣብ ማህጸን ኣዲኦም ከለው ጀሚሮም ኣምላኽ ዝድኩኖምን ዝድግፎምን ዝሓርዮምን ዝፈትዎምን ስለ ዝኾነ፣ብምንጻል ጥንሲ ከነጥፍኦም ከሎና ንኣምላኽ ነቕጥዕ ከም ዘሎና ተረዲእና፡ካብቲ ሕማቕ ተግባር ክንቑጠብን ክንከላኸለሎምን ይግባእ።

11. “እግዚኣብሔር ካብ ማሕጸን ኣደይ ገና ከይተወለድኩ ከለኹ ሓረየኒ፣”ኢሳ/49፡5 ካብዛ ጥቕሲ እዚኣ ክንርዳእ እንኽእል እግዚኣብሔር ነቲ ዕሸል ኣብ ማህጸን ወላዲቱ ከሎ ንናቱ ስራሕ ከም ዝሓርዮ ኢዩ።

12. ሕጻናት ኣብ ከርሲ ኣዲኦም ከለዉ መንፈስ ቅዱስ ከም ዝመልኦም፣ብዛዕባ ዮሃንስ መጥምቕ ዝተነግረ ” ኣብ ቅድሚ እግዚኣብሔር ዓብይ ኪኸውን ኢዩ።ወይንን ዜስክር መስተን ከቶ ኣይኪስትን ኢዩ።ገና ኣብ ከርሲ ኣዲኡ ከሎ መንፈስ ቅዱስ ኪመልኦ ኢዩ”ሉቃ/ 1፡15 ሕጻናት ኣብ ከርሲ ኣዲኦም ከለዉ ብሓጎስ ከም ዝሰራሰሩ “ኤልሳቤጥ ቃል ሰላምታ ማርያም ምስ ሰምዐት፣ እቲ ሕጻን ኣብ ከርሳ ብሓጎስ ተሳራሰረ”ሉቃ/ 1፡41 ዝብሉን ካልእን ብዛዕባ እቶም ኣብ ከርሲ ኣዴታት ዘለዉ ጥልቕ ዝበለ ርድኢት እንተ ዝነብረና ኣብ ከምዚኦም ዝበሉ ሕጻናት ብምንጻል ጥንሲ ንሞት ክንፈርድ ሕሊናና ኣይመፍቀደልናን።

13. ዝኸበርኩም ህዝበ ክርስትያን፣
“ብዝፈረድኩሞ ፍርዲ ኪፍረደኩም፡ብዝሰፈርኩምዎ መስፈር ኪስፈረኩም ኢዩ፣ እሞ ከይፍረደኩም ኣይትፍረዱ”ማቴ/7፡1-2

ምኽንያቱ “ኣምላኽ ሕይወትን እስትንፋስን ዜድሊ ኩሉ ነገራትን ንኹሉ ሰብ ዚህብ ኢዩ” ግ.ሓዋ/17፡25

እምበኣር እታ እንውንና ህይወት ዝተዋህበትና ካብ ኣምላኽ ካብ ኮነት፣ናይ ምውሳዳ ሓላፍነት ዘለዎ’ውን ንሱ ጥራይ ኢዩ። ስለዚ ነዚ ናይ ኣምላኽ ስራሕ ብምጽራር ኣብዞም ዕሸላት ብምንጻል ጥንሲ ናይ ሞት ብይን ዝገብሩ ብዝፈረድዎ ፍርዲ ብኣምላኽ ኪፍረዱ ምዃኖም ኣቕዲሞም ተገንዚቦም ካብዚ ሕማቅ ፍርዲ’ዚ ኪቑጠቡ ይግባእ።

ኣምላኽ ንህዝቢ ዓለም ምስትውዓል ሂቡ ንዕሸላት ፍጡራቱ ብሓይሊ ስልጣኑ ይዓቅቦም።

…….ካብ 5ይ ገጽ ዝቐጸለ

ብብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ ዝተመርሐ ጸሎተ ፍትሓት ተፈጺሙ።

ወኣኮ በከመ ኣበሳነ” ኢልና ኃጢኣትና ክንእመን ይግበኣና፡ ብዝተረፈ ነፍሲ ኩሎም ሠማዕታትና ይምሓር። ንብሙሉኡ ሕዝቢ ኤርትራ ድማ፡ ብስም ቅድስቲ ኦርቶዶክሳዊት ተዋሕዶ ቤተ- ክርስቲያን ጽንዓት ይሃብካ ንብል። ብምባል፡ ብፁዕነቶም መልእኽቶም ፈጺሞም።

ብፁዕ ኣቦና እቲ ዘረባ ንስለ ዘረባ ኢሎም ዝተዛረቡዎ ኣይነበረን። ከምቲ” ኣብ ራማ ድምጺ ዋይዋይታን መሪር ኣውያትን ተሰምዐ። ደቃ ስለዝተወድኡ ራሔል ትበኪ ኣላ። ምድባስ’ውን ኣበየት” ዝተባህለ። ብፁዕ ኣቡነ መቃርዮስ’ውን እቲ ሓዘን ኣብ ውሽጦም ኣትዩ፡ ባሕሪ ከብዶም ክንቕንቕ ስለዝኸኣለ፡ ንብዓቶም ክኽልክሉዎ ኣይከኣሉን፡ ንንብዓት ብፁዕ ኣቦና ዘሰንያ ብዙሓት ኣዒንቲ’ውን ነይረን እየን። እቲ ሓዘን ብሔራዊ ወይ ሃገራዊ ዘብሎ ድማ- እቲ ጸሎተ- ፍትሓት ብዙሕ ሕዝቢ ክሳተፎ ምኽኣሉ እዩ።( ኤር. 31-15)

ብዝኾነ እቲ ኣብዚ ሰዓት’ዚ ንሕዝብና ኣጋጢሙዎ ዘሎ ፈተና፡ ቀሊል’ዩ ዝበሃል ኣይኮነን። ወሰንን ደረትን ዘይብሉ ንምሉእ ሕዝቢ ዘብከየን ዘንብዐን ሓዘን’ዩ ክብሃል ይከኣል። ግዳስ እቲ ቅዱስ ጽሑፍ “ ይኣኽለኪ ኣይትብከዩ ንብዓትኪ ጽረጊ፡ እቲ ምእንቲ ደቅኺ ዝገበርክዮ ኩሉ ኸኣ ዓስቢ ኣሎዎ” ስለዝብል፡ እቲ ንሕዝብና ኣጻቢቡ ሒዙዎ ዘሎ መዓት፡ ዝውድኣሉ ግዜ ርሑቕ ኣይክኸውንን እዩ ክንብል ከሎና፡ ኣብቲ ሕያው ኣምላኽ እምነት ብምግባር ኢና።
(ማቴ. 6፡24)

ከም’ቲ ካብ ቀጽሪ ቤተ-ክርስቲያን ወጻኢ ዝዓሎ ኅብስቲ ቅዱስ-ቊርባን ክኸውን ዘይክእል፡ ከምኡ’ውን፡ ካብ ቀጽሪ ቤተ-ክርስቲያን ወጻኢ ዝመጽእ ሓሳብ ኮነ ዝውሰን ውሳኔ፡ ንረብሓ ቤተ-ክርስቲያን ከገልግል ይኽእል’ዩ ክበሃል ዝከኣል ኣይኮነን። ስለ’ዚ፡ እቲ ብደረጃ መንበረ-ፓትርያርክ ኣብ 1990 ዓ.ም. (1998 ዓ.ም.ፈ.) ዝቜመ ማእከልነት፡ ብዝኾነ መዐቀኒ ክርአ ከሎ፡ ብመሠረት ቀኖና ቤተ-ክርስትያን’ዩ ቜይሙ ክበሃል ኣይከኣልን። “መለካዊ” እንተ ተባህለ ግን፡ ዝሰማምዮ ስያሜ እዩ። እምበር’ስከ፡ ካብ ከም’ዚ ዝኣመሰለ መለካዊ ጒጅለ፡ ንቤተ-ክርስቲያን ዝሓሊ ጥዑይ ሕልና ክርከብ ይከኣል እዩ ኢልካ ምሕሳብ፡ ዝከኣል ኣይኮነን።

# "...በታ ሓንሳእ ንሓዋሩ ንቕዱሳን ዝተዋህበት እምነት ተጋደሉ..." ይሁዳ 4።

## መሪሕ ጥቕሲ ንመበል 13 ዓመታዊ ጉባኤ፡ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣመሪካ።

ብተመሃሮ ነገረ-መለኮት "ደቂቀ እንጦንዮስ"

### መእተዊ

ሃገረ ስብከት ብ2000 ዓ. ም. ፈረንጂ ብቀዳማይ ፓትርያርክ ቅዱስ ኣቡነ ፊሊጶስ ተባሪኹ ብወግዒ ኣገልግሎቱ ካብ ዝጅምርን ቅድሜኡን ተበጊሱ፡ ንመበል 13 ዓመት ዝፍጸም ዘሎ፡ ዓመታዊ ጉባኤ ኣመንቲ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ኣብ ሰሜን ኣመሪካ፡ ሎሚውን ብክብ ዝበለ ምድላዋት "...በታ ሓንሳእ ንሓዋሩ ንቕዱሳን ዝተዋህበት እምነት ተጋደሉ..." (ይሁዳ 4)፡ ኣብ ትሕቲ ዝብል ቴማ ኣብ ቅድስቲ ማርያም ቤተክርስትያን ሳን ሊያንድሮ (ኦክላንድ) ካሊፎርንያ ካብ ሓሙስ ዕለት 21 ሓምለ (JULY ) ክሳብ ሰንበት 24, 2011 ክካየድ እዩ። እዚ ብብፁእ ኣቡነ መቃርዮስ ዝምራሕ ዓብዪ ጉባኤ፣ ከም ወትሩ ብጸሎተ-ነግህ ጀሚሩ፣ ብሊቃውንቲ ቤተክርስትያንን ምሁራት ደቂ ቤተክርስትያንን ብዝውሃብ፣ ሰሚናራት፣ ወርክ-ሾፕ፣ ኣስተምህሮታት፣ ስብከትን መዛሙርን ዝሃብተመ ኮይኑ ካብ ንግሆ (ሰዓት 6፤00) ክሳብ ምሸት (8፤00 ድ.ቀ)፣ ናይ ምሉእ መዓልቲ መደባት ተሰሪዑ ኣሎ። 3ይ ፖፕ ሸኖዳ "መንእሰያት ዘይብላ ቤተክርስትያን ተስፋ ዘይብላ ቤተክርስትያን" ኪብሉ ዝተዛረብዎ ዓብዪ ቃል ብምዝካር፣ መንበረ ጵጵስና ሰሜን ኣመሪካ ንመንእሰያት ኣቶኪሩ ዘካይዶ ርእሱ ዝኻእለ ዓመታዊ ጉባኤታት ኣብ ምብራቕን ምዕራብን ሰሜን ኣመሪካ እኳ እንተሎ፣ ከም ወረስቲ መጠን ካብ መራሕቶምን ወለዶምን ዝቐስምዎ ተወሳኺ ትምህርቲውን ብፍሉይ በቲ ዝርድእዎ ቋንቋ እዚ ጉባኤ ኣዳልይሎም ኣሎ። ታሪኻዊ ድሕረ-ባይታ እዚ ንሎሚ ዓመት ዝተመርጸ መሪሕ ጥቕሲ ብሓጺሩ እንሆ።

### ታሪኻውን እዋናውን ትርጉም መሪሕ ጥቕሲ

ካብቶም ኣቦታት ሓደ ይሁዳ፣ ከተኩረሉ ኣቐዲሙ ሓሊኑ ዝነበረ ቀንዲ ጉዳይ ብዛዕባ እቲ ንኹሎም ደቂ ኣዳም ብጎይታ ኢየሱስ ክርስቶስ ዝርከብ ኣድማሳዊ ድሕነት ከምዝነበረ ኣብ መእተዊ ክፍሊ'ዚ መልእኽቲ ይገልጽ። "እግዚኣብሔርሲ ኩሉ ሰብ ኪድሕን ናብ ፍልጠት ሓቂ ኪመጽእ እዩ ዚፈቱ።" 1 ጢሞ 2፤1-4። ከምዝተባህለ ዝዓበየን ማእከላይን ትሕዝቶ ወንጌልን ቀዳማይ ተልእኾ ቤተክርስትያንን ንስሓን ድሕነትን ምስትምሃር እዩ። እንተኾነ ትምህርቲ ክርስቶስ ጥንታውነቱን ጽርየቱን ዝሓለወ እንተዘይኮይኑ ብሓደ ኢድካ ምህናጽ በቲ ካልኣይ ኢድካ ድም ምፍራስ፣ ወይ ከኣ ብሓደ ኣፍደገ ዝኣተዉ ምእመናን እቲ ናይ ሓቂ መንፈሳዊ ለውጥን ዕረፍትን ሃሪፎም መጺኦም ምስሰኣኑ በቲ ካልኣይ ኣፍ ደገ ዝውጽሉ እምበር ንጨኑቓትን ነፍሶም ንዝተመረረት ሰባት ዘዕርፍ ቤት ኮይኑ ኣይረኽብዎን። ስለዚ ከኣ'ዩ ይሁዳ ብዛዕባ እታ ኩላቶም ወለዶታት ኪስዕብዋ ዝግባእ ሓንሳእን ንሓዋሩን ንቅዱሳን ዝተዋህበት እምነት ኪጽሕፍ ግዲ ዚኾኖ።

ብዙሓት ሰባት ወንጌል ጥራይ ይሰበኽ እምበር ካልእ ዝድለ ነገር የሎን ዝብሉ ኣሎዉ። ቅኑዕ ዘረባ ኣይኮነን። ምኽንያቱ፣ ከምቲ ጎይታ ብዓሉ "እነ መንገዲ፣ ሓቅን ህይወትን እየ" (ዮሃ 14፤6) ዝበለና ወንጌል ትምህርቲ ጥራይ ዘይኮነስ ብሓቂ ኪትነብረሉ ከሎኻ ጥራሕ ጣዕሙ ዝፍለጥ ህይወት'ውን እዩ። ኣብ ታሪኽ ቤተክርስትያን ከም እንምሃሮ፣ ጣዕሚ እዚ ፍሉይ ህይወትዚ ዘስተማቐሩ ኣቦታት ቤተክርስትያን፣ ክርስቶስ ንዕኦም ኩሉ እዩ ኔሩ። ብኣንጻርዚ ሎሚ ንብዙሓት ካብታ ቅንዕቲ መገዲ ኣርሒቑዎም ዝርከብ ውልቃውነት፣ ፍትወት ዓለምን ፍትወት ነፍስን፣ እቶም ቅዱሳት ኣቦታት ህይወቶም፣ ሓዳሮም፣ ውላዶም፣ ስድርኦም፣ ሃብቶም፣ ገንዘቦም ክርስቶስ እዩ ኔሩ። ኣብ ቤተክርስትያን ንዝርኣይ ኩሉ ግዜ-ዘምጽእ ሽግራት መድሃኒቱ ታሪኽ ክርስትና ምልስ ኢልካ ምርኣይን ንትምህርቲ ሃዋርያት ምስዓብን ምትግባርን ጥራሕ እዩ።

እዚ እንተኾይኑ እቲ ሓቂ ስለምንታይ ድእ "...በታ ሓንሳእ ንሓዋሩ ንቕዱሳን ዝተዋህበት እምነት ተጋደሉ..." ዝብል ቃል ተዋሂቡና ኢልካ ምሕታት ንቡር እዩ። ኣብ ክልተ ከፊልና ክንርእዮ ኢና። ቀዳማይ ሰብ ከም ኩሉ ግኡዝ ፍጥረት ፋሕ ናይ ምባል ዝንባለ (ENTROPY) እዩ ዘሎዎ። ኣብ ኢዱ ዘሎ ክቡር ወርቂ ገዲፉ ሓድሽ ነገር ንምርካብ ህርፋን ወዲ ሰብ ደረት የብሉን። ሰብ ብዘይ ኣምላኽን ሰብን ኪነብር ከምዘይክእል ግሁድ ከነሱ፣ ብፍላይ ኣብ ዘመንና ሰብ ፈታው ነፍሱ ስለዝኸውን ካብ ንኣምላኽ ኪእዘዝ ብስሚዕቱ ኪምራሕ፣ ካብ ሓቢርካን ተኻኢልካን ብርቱዕን ኣድማዕን ሕብረት ምግባር፣ ፋሕ ብምባል ብስጋውን መንፈሳውን ኪጉዳእ ከሎ ንዕዘብ። "ምስ ካልኦት ዘይለግብ ሰብ ንገዛእ ርእሱ ጥራይ ይሓስብ፣ ዘረባ ሰብ ከኣ ኣይሰምዕን እዩ" (ምሳሌ 18፤1) ከምዝበሎ ንጉስ ሰሎሞን፣ ውልቃውነት ዓብሊሉ ኣብ ኣብያተ ክርስትያናት ይኹን ስድራ ቤት ፍቕሪ ዝሒሉ ዝርከብ ንዓይ እምበር ንብጻየይ ዘይብል ስስዐ ንሰብ ቃል ኪዳን'ውን ከይተረፈ ኪበታትን ከሎ ንርእይ ኣሎና። እቲ ኣብ ሃዋርያት ዝነበረ ትምህርትን ህይወትን ግን ብኣንጻር እዚ ሎሚ ንዕዘቦ ዘሎና እዩ። "እቶም ዝኣመኑ ኩላቶም ሓደ ልብን ሓደ ሓሳብን ነበሩ...ብዛዕባ ጎይታና ኢየሱስ ክርስቶስ ብዓብዪ ሓይሊ ይምስክሩ ነበሩ፣ ኣብ ኩሎም ከኣ ዓብዪ መጎስ ነበረ።" ግብ 4፤32-33። ሓደን ቀንድን ምኽንያት ናይቲ ኣብ ዘመንና ዓዚዙ ዝርከብ ከቢድ ድኻም እምበኣር ኣብያተ ክርስትያናት ናይ ሰላም፣ ፍቕሪ፣ ትሕትናን ሓልዮትን ኣብነት ምኻን ተሪፉወን፣ ናይ ኣንነት፣ ባእስን ክርክርን ቦታታት ብምዃነን እዩ። "ኣብቲ ቅንእን ንዓይ ይጥዓመኒ ዚብል ስምዒትን ዘለዎ፣ ኣብኡ ምፍራስ ስርዓትን ኩሉ እኩይ ግብርን ኣሎ።" ያዕ 3፤16። ከምዝበሎ ሃዋርያ ያዕቆብ ጠንቂ ናይዚ ኹሉ ካብቲ ጥንታዊ ትምህርቲ ሃዋርያት ምርሓቕ እዩ።

ብኻልኣይ ደረጃ ኣብቲ ጥንታዊ መገዲ ንምጥባቕ ገድሊ ዘድልየሉ ምኽንያት ብዳሕራይ ዘመን ነቲ ቅኑዕ ጥንታዊ እምነትን ትምህርትን ገዲፎም ኣእዛኖም ኪሰምዕ ዚደሊ ትምህርቲ ጥራይ ዝምህሩ ሓሰውቲ መማህራን ከምዝትንስኡ ኣቀዲሙ ብትንቢት ተነጊሩና እዩ። ኣብዚ ዚሓለፈ ወርሒ ኣብ ሰሜን ኣመሪካ ሃሮልድ ካምፒንግ ዝተባህለ ሰባኺ ዳግማይ ምጽኣት ክርስቶስ ግንቦት 21/2011 ምዃኑ ብረድዮ ብተደጋጋሚ ስለዝተዛረበ፣ ዘይንነብር እንተ ኾይንና እንታይ ክዓብሰልና ብምባል ብዙሓት ግሩሃት ገንዘቦም ነቲ ሰባኺን ንሱ ዘካይዶ መደበር ረድዮን ኪውፍዩ ተራእዮም። ከምቲ "ብሰንኪ እቶም ሓሰውቲ ነብያት... እታ መገዲ ሓቂ ክትጽረፍ እያ።" 2ጴጥ 2፤2። ዝተባህለ በዚ ዝተጎድኡ ብዙሓት ንእምነት ክርስትና ራሕሪሖም ርሒቖም ጥራይ ዘይኮኑስ ኣንጻሩ ዝተዋፈሩውን ኣሎዉ። እዚ ፍጻሜዚ ኣገዳስነት ናይዚ ንሎሚ ዓመት ተመሪጹ ዘሎ መሪሕ ጥቕስ ዘርኢ እዩ። ቅዱስ ጳውሎስ ንጢሞቴዎስ ኪምዕዶ ከሎ ከምዝበሎ "ኣእዛኖም ኣሳሕይዎም ደኣ ነቲ ኪሰምዕዎ ዚትምነዩ ነገር ዚነግሩዎም መማህራን ኪእክቡ እምበር ነቲ ሓቂ ዝኾነ ትምህርቲ ዘይሰምዕሉ ዘመን ኪመጽእ ኣዩ። እወ ኣእዛኖም ሓቂ ኸይሰምዕ ዓጽዮም ናብ ጽውጽዋያት ኬድህቡ እዮም።...ንስኻ ግና በቲ ዝተመሃርካዮን ዝተረዳእካዮን ጽናዕ። ካብ እንመን ከምዝተመሃርካ ትፈልጥ ኢኻ።" 2 ጢሞ 3፤14, 4፤3-4። ከምኡውን ልዕል ኢሉ "ኣብተን ዳሕሮ መዓልትታት ግና ክፉእ ዘመን ከም ዚመጽእ፡ እዚ ፍለጥ። ሽዑ ሰባት ፈተውቲ ርእሶም ኪኾኑ እዮም እሞ፡ ፈተውቲ ገንዘብ፡ ተጀሃርቲ፡ ዑቡያት፡ ተጻረፍቲ፡ ንወለዶም ዘእዘዙ፡ ዘየማስዉ፡ ርኹሳት፡ ፍቕሪ ንስድራ ቤቶም እኳ ዜብሎም፡ ተቐየምቲ፡ ሓመይቲ፡ ቀለልቲ፡ ጨካናት፡ ሰናይ ዘይፈትዉ ኣሕሊፎም ዚህቡ፡ ህዉኻት፡ ተፈኸንነቲ፡ ካብ ንኣምላኽ ምፍቃርሲ ኣዕዚዞም ተድላ ዚፈትዉ። እቶም መልክዕ ኣምልኾ ዘለዎም፡ ነቲ ሓይሉ ግና ዚኽሕድዎ....እቲ ዕሽነቶም ንኹሉ ኺግለጽ እዩ እሞ ካብኡ ሓሊፎም ኣየስልጡን እዮም።" 2 ጢሞ 3፡1-9። እዚ ቃላት እዚ ጥልቕ ኢሉ ንዘስተውዓለሉ፡ ኣብ ዘመንና ዝፍጸም ዘሎ መልክዕ ናይ ክርስትና ዘሎዎ ግን ትሕዝቶኡን ሓቀኛ መንነቱን ዘይከምሸሙ ንርእይን ንዕዘብን ኢና። እቲ ኣዝዩ ዘሕዝን ሰብ ኣብ ክንዲ ብሓጥያቱ ዝጉህን፡ ከምቲ ናይ ኣቦታትና ብንብዓት ሓሙኽሽቲ ተኸዲኑ ብኣምላኽ ተማሒሩ፡ ውሽጣዊ ዕረፍትን ቅሳነትን ኣብ ክንዲ ዝረክብ፤ ነብሱ ብምቕሻሽ ምስ ሓጢኣቱ ከሎ፡ ከይተጣዕሰን መገዱ ከይቐየረን፡ ዕረፍቲ ዝረኽበሉ መገዲ ከናዲ ላዕልን ታሕትን ዝብለሉ ዘመን'ውን እዩ። እቲ ዘሰንብድ ከኣ ኣብ ውሽጢ ገለ ኣብያተክርስትያናት (ንኣብነት ኣንግሊካን ቤተክርስትያን)፡ እዚ ነገርዚ ቀስ ብቐስ ሱር እንዳሰደደን ናብ ዝብኣሰ ነገር እንዳዓበየን ክሳብ ግብረ-ሰዶማውያን ከም መራሕቲ ተቐባልነት ረኺቦም፡ ብስጋዊ ስምዒቶም ተገሪሖም ንዝፈጸምዎ ሓጢኣት ከኣ ከይሓፈሩ፡ ሰባት ንምትላል ቅዱሳት ጽሑፋት ጠምዚዞም፡ ንሰባት ከእምኑ ኪጽዕሩ ክትዕዘብ ከሎኻ ዘስደምም እዩ።

እዚ ከምዚ ዝኣመሰለ ሓጢኣት ኣብ ታሪኽ ህዝቢ ኣምላኽ ኣይነበረን ንምባል ዘይኮነስ፤ ሰባት ዝሓፍርሉን ዝንስሑሉን፣ እምቢ እንተበሉ ኸኣ ቁጥዓ ኣምላኽ ነዲዱ ብኸቢድ ዝቕጽዕሉ ድኣ እምበር ቅዱሳት ጽሑፋት እንዳጠቐሱ ስለዝን ከምዚ ዝኣመሰለን ሓጥያት ከምዚ ሎሚ ኪምጉቱ ተራእዩ ተሰሚዑን ኣይፈልጥን። ኣብ ከምዚ ዝኣመሰለ ኩነት እምበኣር እቲ ፈውሲ ነቲ ጥንታዊ ናይ ሓዋርያት መገዲ ኣጽኒዕካ ናብኡ ምምላስ እዩ። ሓዋርያዊ ሰንሰለት ዝሓለወ፡ ጽኑዕን ረዚንን ዶግማ ኪህልወካ፡ ኣዝዩ ዓሚቕ ስርዓተ ኣምልኾ፡ ናይ ጾም ስርዓት፡ ጸሎትን ቅዳሴን ኪህልወና፡ ንዘስተውዓለሉ ምራቕ እዩ። ቤተክርስትያን ከም መርዓት ክርስቶስ ኣብ ቃሉን ኣብቲ ጥንታዊ መገዳን እንተጸኒዓ፡ ምስ ዓለም ኣብ ዋጋ ዕዳጋ ከይኣተወት ጸግኣን ክብራን እንተሓልያ፡ ማሕደር እቲ ኩሉ ዝኽእል መንፈስ ቅዱስ ስለእትኸውን ንኹሉ ማዕበላት ፈንጢሳ መሊሳ ትብርትዕን ትኹላዕን እምበር ከምቲ ብዙሓት ጸላእቲ ቤተክርስትያን ዝምነይዎ ኣይትፈርስን እያ። ናይ ቤተክርስትያን ሓደገኛ ፈተና፡ ቤት ጸሎት፡ ቤት ክርስቶሳውያን ምኳና ተሪፉ ቤት ዓለማውያንን ቤት ፖለቲከኛታትን ኪትከውን ከላ፤ ነቲ ሰማያዊ ንጉስ ሸለል ኢላ ንምድራዊ ንጉስ ክትምብርከኽ ከላ፡ ነቲ ሰማያውን ጥንታውን ሕጊ ገዲፉ ብሓድሽ ዓለማዊ ሕጊ ኪትመሓደር ከላ፡ ግን መገዲ ዕንወትን ብርሰትን እዩ።

እሞ ቤተክርስትያን ምስ ዘመን ኪትከይድ ኣየድልያን ድዩ? ዝብል ሓታቲ ክህሉ ከምዝኽእል ርዱእ እዩ። ሓቂ እዩ ወዲ ሰብ ካብ ዝፍጠር ጀሚሩ ናብርኡ ከምሓይሽ ወትሩ ምስ ጸዓረ እዩ፤ ኣብ ኩሉ ዓውድታት ዝተራእየ ምዕባለ ናብራ ደቂ ሰባት እቕሊልዎን ለዊጥዎን እዩ። ቤተክርስትያንውን ተረባሒት ናይዚ ምዕቡል ቴክኖሎጂ ኮይና፣ ኣገልግሎት ወንጌል ብዝሓሸን ዝጸፈፈን መገዲ ህዝባ ክትጓሲ ዕድል ከፊቱላ እዩ። ኩላትናውን ተጠቀምቲ ናይዚ ምዕባለዚ ብምዃንና ነቶም ንመዋእሎም ጽዒሮም ኣብዚ ዘብጽሑና ተመራመርቲ ከነመስግኖም ግቡእና እዩ። ምዕባለ ምንጪ ሓጢኣት እዩ ክንብል እኳ እንተዘይከኣልና። ነገር ግን ውልቃውነትን ሓጢኣትን ማዕረ ምዕባለ ከም ዝሰፍሑ ንጹር እዩ። ናብራ ዓለም ኣብ ዝጥዕመሉ እዋን፡ ነገራዊ ሃብቲ ዓለም ብዝያዳ ክስሕበናን ካብ ፈጣሪና ከርሕቐናን ከምዝኽእል ርዱእ እዩ። ስለዚ ምዕባለ እምበኣር ፈታኒ እዩ። እብ ውሽጢ ምዕቡል ዓለምን መነባብሮን ኴንካ ምስ ኣምላኽካ ጥቡቕ ህይወት ኪህልወካ ኸኣ ድርብ ጻዕርን ተወፋይነትን የድሊ። ገለ ሰባት ፍርያት ቴክኖሎጂ እንዳተጠቕሙ ንምዓበለ ኣንጻር እምነትን ቤተክርስትያንን ጌሮም ዝርድእዎ ኣሎዉ። ካልኦት ከኣ ብኣንጻሩ ቤተክርስትያን ኣንጻር ምዕቡል ኣተሓሳስባን ስነ-ፍልጠታዊ ምህዞን ጌሮም ዚርድእዋን ዝኹንንዋንውን ኣሎዉ። እቲ ሞጎተ ንምዕባለ ብኸመይ ኣብ ረብሓና፣ ከምኡውን ኣብ ረብሓ ቤተክርስትያንን ነውዕሎ ዝብል ኪኸውን ይግባእ።

ሓጢኣት ዝበዝሓሉ ምኽንያት ሰባት ካብቲ ጥንታዊ መገዲ ኣልጊሶም፣ ምስ ኣምላኾም ዘራኽቦም ጾም፣ ጸሎት፣ ቃል እግዚኣብሔር ጠንጢኖም ወይ ሸለል ኢሎም ብነገራዊ ሃብቲ እዛ ዓለም ስለዝተዋሕጡ እዮም። መንፈሳዊ ሚዛንካ እንተጥፊእካ ንሓጥያት ዝጽይን ህይወት ኪህልወካ ኣይክእልን እዩ። ካብ ኣምላኽ ምስ ተፈለኻ ምስ ብጻይካውን ብሰላምን ፍቕርን ምንባር ከቢድ እዩ። ስለዚ ደቂ ሰባት ብስጋ፣ መንፈስን ነፍስን ከምዝቐምናን ኣብ ሞንጎ ሰለስቲኡ ሚዛን ክንሕሉ ሓላፍነት ከምዘሎናን ምዝንጋዕና እዩ እቲ ሱር ናይቲ ጸገም። ጐይታ ኢየሱስ ክርስቶስውን እዚ ፈሊጡ ይመስል "...ወዲ ሰብ ምስ ዚመጽእ ግና፡ እንድዒ እምነት ደኾን ኣብ ምድሪ ኺረክብ እዩ?" (ሉቃ 18፡8) ኪብል ዘጠንቀቐና።

እዚ መሪሕ ጥቕሲ ካብቲ ኣድማሳዊ መልእኽቱ ከይወጸ፡ ንህልዉ ኩነታት ኤርትራ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን ብዝምልከትውን ዝገልጾ ሓቂ ኣሎ። ካብ መፋርቕ 2005 ዓመት ጀሚሩ ቤተክርስትያንና ካብቲ ጥንታዊ መገዳ ኣላጊሳ እያ ትርከብ። ቤተክርስትያንና ምስ ነጻነት ሃገርና ምምሕዳራዊ ነጻነት ረኺባ ኣብ ዓዲ ይኹን ኣብ ስደት ዝነብር ህዝብና፡ ኣብ ዘመነ መግዛእቲ ርእይዎ ዘይፈልጦ መንፈሳዊ ኣገልግሎት፡ ፍቕርን ሓድነትን ኪረክብ ብምጅማሩ ሓጎሱ ልዑል እዩ ነይሩ። እዚ ትንሣኤ ቤተክርስትያን ዘተስፉ ኣገልግሎት ግን ጸላእቲ ኣጥርዩ፡ ሰብ ብገርሁ ከኣ ምኽሪ ጸልማት ተወድዩ ቀስ ብቐስ ኣብ ግብሪ ስለዝውዓለ፡ ሎሚ ቤተክርስትያንና ካብ መገዳ ወጺኣ ሓርንታን ኣንፈታን ኣጥፊኣ ትርከብ። እቲ ብ2002 የካቲት ብመንግስቲ ኤርትራ ንኽሕግዘኩም ምሁር ሰብ ሂብናኩም ኣሎና ተባሂሉ ዝመጸ ውልቀ ሰብ (ኣቶ ይፍታሀ ቀሺ ዲሞጥሮስ) ብዓል ግዜ፡ ገባርን ሓዳግን ኮይኑ ይርከብ። እቲ ንዘመናት ዝመርሓና ሕጊ ቤተክርስትያን ብኢደወነኑ ቀይሩ፡ ጭዋ ሰብ "ኣነ ዋና ኣማሓዳሪ ቤተክርስትያንኩም እየ" ብምባል ብሕሉፍ ድርቅና ባዕሉ ኪምርሕ ስለዝጀመረ፡ ብተደጋጋሚ ዓለም ለኻዊ ቀኖና ቤተክርስትያን ተጋሂሱ። መጀመርያ ብገርህነት ዝተፈጸመ ጌጋ እዩ ዝመስል ዝነበረ፡ ግዜ ከምዝገለጾ ግን ነቲ ጥንታዊ ኃይማኖት ንምድኻም ኮነ ኢልካ መደብ ወጺእዎ ዝተተግበረን ዝትግበር ዘሎን ምዃኑ ተጋሂዱ። ከምሳዕቤኑ ቤተክርስትያን ኤርትራ ብፖለቲከኛታት ተጨውያ ኣብ ማሕዩር ትርከብ፡ ካብ ጥንታዊ መገዳን ሕጋን ስለዝወጸት ከኣ ካብ ኩለን ኣሓት ኦርየንታል ተዋህዶ ቤተክርስትያናት በይና ተፈልያ ትርከብ ኣላ። እቲ ዝፈረሰ ሕጊ ጥንታዊ እዩ፤ ኦርቶዶክስን ካቶሊክን ቅድሚ ምፍልላዮም፡ ብሓደ እንከሎዉ ኣብ ጉባኤ ንቅያ (325 ዓም) ዘቐምዎ ሕጊ ስለዝኾነ ከኣ ኣብዚ ሕጂ እዋን መራሕቲ ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን ኤርትራ ምስ ኣብ ብምልእታ ዓለም ዘሎዋ ኣብያተ ክርስትያናት (ንኣብነት ዓለም ለኻዊ ማሕበር ቤተክርስትያናትን) ርክብ የብሎምን። ሳዕቤኑ ነቶም እንተስ ፈሪሖም እንተስተታሊሎም መገዶም ዘላገሱ መራሕቲ ሃይማኖት ካብ ኩለን ኣብ ዓለምና ዘሎዋ ኣብያተ ክርስትያናትን፣ ኣሓት ኦርየንታል ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ኣብያት ክርስትያናትን ነጺሉዎም ጥራሕ ዘይኮነስ፤ ኣብ ሞንጎ ህዝብና ሕንፍሽፍሽን ቅድሚ ሕጂ ተራእዩ ዘይፈልጥ ባእስን ክርክርን ኣስዒቡ። እቲ ነገር ግብረ-ኣረማውያን ምዃኑ እንዳተቐልዐ ምስ ከደ ከኣ ነቶም መሃዝቱን ተግበርቱን፡ መመሊሱ ከምዝባራዕ ሓዊ ድቃስ ለይቲ ከሊእዎም ይርከብ። ሕጊ ኣፍሪስካ ሰላምን ሓድነትን ህዝቢ ኪርከብ ኣይክኣልን እዩ።

...ናብ 8ይ ገጽ ይቕጽል

# Editorial

## The Question that still Begs for Answers

**Dn. Teklemariam Merkhatsion, General Editor.**

That the external and internal challenges facing the Eritrea Orthodox Church are innumerable is not a fact in dispute. But, if we look at ourselves honestly and introspectively, the one glaring problem that has had devastating consequences for our church over the years has been the issue of our youth.

Although this is a subject that requires a great deal of analysis, the problem for the purpose at hand can be summed up in one sentence. Our young people have not been given the opportunity to grow in spirit and knowledge under the nurturing care of our church. And it is this unfortunate fact that has likened our church to a mother that gives birth but fails to nurture them into full maturity and spiritual adulthood.

If we look back to the history of the youth movement in our church that stretches back sixty years – a movement known as *Finote Berhan* – it can help us understand the present state more clearly. Because of the inability of the church, that movement was not given a centralized direction and purpose. The result of such failure was that our young people, if not the movement, often found itself as a target by proselytizing heretics (*menafqan*).

If we look further to the period of the *Derg*, the communist rulers of Ethiopia (1974-1991), the fervor of the youth movement in our church was no less notable. Again, and unfortunately because the church failed to give them a centralized direction and could not nurture them in the faith of our fathers, the number of people who fell prey to *menafqan* was staggering. The innocence of our young was taken advantage of by others. The failure of our church hierarchy to come to grips with the opportunity that was afforded the chuch became the gain of *menafqan*.

If the Sunday school movement is to yield lasting fruit for the church many things have to change. Traditionally, the focus of this movement has mainly been to involve young people in choirs. As laudable as this is, one notable weakness of the youth movement was its lack of a biblical-based training. There were no teachers to equip them in the teachings and doctrine of our Holy Tradition.

Looking at the renewed efforts of the North America Diocese, one sees what is being exerted by each local church to try to address the spiritual needs of our young people. The Diocese has also made significant strides in fostering the training of teachers and leaders for the young people. It is also encouraging seeing that so many of the young people are being ordained and serving as deacons. Some of the problems that have bedeviled our church, however, still persist.

As we look into the future, therefore, we propose a few fundamental solutions. The training and nurturing of our young people should be given a centralized leadership, direction and continuity. The training should be biblically-based and the transmission of our Holy Tradition (*t'wfit*) - "the faith once delivered to the saints"- must be given a central focus. The training should also lead to the office of the diaconate and priesthood, thus assuring our church of future leaders.

.......ካብ 7ይ ገጽ ዝቐጸለ መሪሕ ጥቕሲ ንመበል 13 ዓመታዊ ጉባኤ፡

3ይ ፓትርያርክ ኣቡነ እንጦንዮስ ንውሉደ ክህነት፡ ብምሉኡ ምእመናን ኦርቶዶክስ ተዋሕዶ ቤተክርስትያን ኤርትራን ኲላተን ኣሓት ኣብያተ ክርስትያናትን ኣብ ዝለኣኽዎ ቅሉዕ ደብዳበ፡ ምስ እዚ ሒዝናዮ ዘሎና ዓብዩ ኣርእስቲ፡ ዝኸይድ፡ ሓደ ረዚን ቃል ተዛሪቦም "ሕጊ እንተረጊጽካዮ ተመሊሱ እዩ ዚረግጸካ"። ሓቅነትዚ ቃልዚ ዕለት መጸት ኣብ ቅድሚ ዓይንና ንርእዮ ኣሎና። እቶም ሕጊ ትጥሕሱ ኣሎኹም፡ እዚ ትፍጽምዎ ዘሎኹም ሳዕቤኑ ከቢድ እዩ፡ ናብ ልብኹም ተመለሱ እናበሉ ዝመኸሩ (ናይ ግብጺ ቤተክርስትያን፡ ሃገረ ስብከት ሰሜን ኣመሪካ፡ ኣብ ዓዲ ዝርከቡ ዳርጋ ዝርካቦም ሊቃውንቲ ቤተክርስትያን ኤርትራን፡ ኣብ ዝተፈላላየ ክፍለ ዓለማት ዘሎዉ ውሉደ ክህነትን) ሰማዒ ኣይረኸቡን። ምንጭን ኣንፈትን እቲ ሓደገኛ ጉዳይ ዘስተውዓሉ ብፁእ ወቅዱስ ኣቡነ እንጦንዮስ ከኣ ድሕሪ ተደጋጋሚ መጠንቐቕታ ውግዘት ኣንቢሮም። ብዙሓት ከኣ ንሕና ብፓትርያርክ እንጦንዮስ ኣብ ዝተነብረልኩም ውግዘት ኣይንኣቱን ብምባል ኣብቲ ጥንታዊ መገዶምን ሕጎምን ዝጸንዑ ኣብ ውሽጢ ዓዲ ዝርከቡ ሊቃውንቲ ነታ ንመዋእሎም ዘገልገልዋ ቤተክርስትያን ዳግማይ ኣጸዳ ከይረግጹ ብበዓል ግዜ ኣቶ ዮፍታሀ ተኣጊዶም። ኣብ ስደት ዝርከቡ ኣቦታት ከኣ ሕግና ይከበረልና ስለዝበሉ ከቢድ ፈተና ገጢሞዎም፤ ኣምላኽ ምስቶም ሰብ ሓቂ ስለዝኾነ ግን ንኹሉ ጸለመን ተጻብኦ ፖለቲከኛታትን ሰጊሮም ሎሚ ንህዝብና ምዕቆብን ተስፋን ኮይኖምዎ ይርከቡ።

ንኹሉ ተጻዊርካ ኣብ ጥንታዊ መገድኻን ሕግኻን ምጽናዕ እምበኣር ካብ ኣምላኽ ሰማያዊ ዓስቢ ካብ ሰብ ከኣ ክብረት የውህብ። ክሳብ እታ ኣምላኽ ዝወድኣ መዓልቲ እትመጽእ ከኣ፡ በቲ ዝወሰድካዮ ውሳኔ መንፈስካ ዕሩፍን ሓያልን፡ እንዳሓደርካ እትሕጎስ ርጉእ ሰብ ይገብረካ። ናይ ብዙሓት ደለይቲ ሓቂ መጽለልን ተስፋን ህዝብን ኼኣ ትኸውን። ኣብቲ ጥንታውን ጽቡቕን ጎደና ጸኒዕና ንገዛእ ርእስና ንብዙሓትን ንድሕነትን ንበረኸትን ምኽንያት ክንከወን ኣምላኽ ይደግፈና።

**_Road To Success_**

*The Road to success is Not straight...There is a curve called failure ... a loop called confusion ... speed bumps called friends ... Red lights called enemies ... Caution lights called family ... You will have flats called jobs ... BUT If you have a spare called determination... An engine called perseverance... Insurance called FAITH... A driver called JESUS... You will make it to a place called Success!!!*

*Source: Coptic net*

**Fenote Berhan asks for your prayer, material and financial support!**

**ፍኖተ ብርሃን ብጸሎት፡ ብጽሑፋትን ብገንዘብን ኪትድግፍዋ ትጽውዕ!**

ኣድራሻና

**www.tewahdo.org**

E-mail: fbnewspaper@tewahdo.org

Phone: (678) 894-4665

Fax: (770) 828-0646

Fenote-Berhan

P. O. Box 80814

St. Clair Shores, MI 48080

USA